# ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ

# ፀብፃብ መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ

**መፅናዕቲ ዝተኻየደሉ ቤት ፅዮ፡-**

ቢሮ ልምዓት ከተማ ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን

**መፅናዕቲ ዝተኻየደሉ ተግባር፡-**

ኣወሃህባ ፍቓድ ኢንቨስትመንትን መተባብዕን

**መፅናዕቲ ዘካየዱ በዓል ሞያ፡-**

- ግርማይ ረዳኢ
- መብራህቶም ተሻለ

ጥሪ 2008 ዓ.ም

መቐለ

## መእተዊ

ብቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተመሓይሹ ዝወፀ መጣየሺ ኣዋጅ ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ክልል ትግራይ ኣዋጅ ቁፅሪ 208/2003 ዓንቀፅ 9 ን/ኣንቀፅ 3 መሰረት ንግዕዝይናን ብልሹው ኣሰራርሓን ዝተቓለዐ ወይ ክቓልዑ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ብምፅናዕ ንክመሓየሹ ብመፅናዕቲ ብዝተደገፈ መልክዑ ከምዘማኽርን ንተግባራዊነቱ ከምዝከታተልን ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

በዚ መሰረት እዚ ኮሚሽን ብህዝብን መንግስትን ዝተወሃቦ ተግባርን ሓላፍነትን በኣግባቡ ንምውፃእ ምስ ናይ ሃገርናን ክልልናን ዝወፀ ትልሚ ዕብየትን ትራንስፎርሜሽንን ብምጥዕዓም ንግዕዝይናን ብልሹው ኣሰራርሓን ንምክልኻል ስትራተጂክን ዓመታውን ትልምታት ኣውፂኡ ንተግባራዊነቱ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ፡፡

ብኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ተታሒዞም ዝነበሩ መደባት ምክልኻል ግዕዝይና ንምትግባር ኣብ ኣብያተፅዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ንግዕዝይናን ብልሹውን ኣሰራርሓ ዝተቓለዐ ወይ ክቃልዑ ዝኽእሉ ኣብ ከይዲ ስርዓት ኣሰራርሓታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፅዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ቅድመ መፅናዕቲ ብምክያድ ትግበራ መፅናዕቲ ዝካየደለን ኣብያተ ፅዮን ዝፅንዑ ከይዲ ስራሕትን ተግባራትን በቕደም ሰዓብ ብምንፃርን ቀፃሊ ክትትል ብምክያድን ዝተረኽበ መረዳእታ ውፅኢቱ ብምግምጋም ናብ መፅናዕቲ ንምእታው ተኻኢሉ እዩ፡፡

በዚ መሰረት ናብ ዝርዝር መፅናዕቲ ንምእታው ዝሕግዝ ትልሚ ብምድላው **ናብ ቢሮ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ኣብ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ትኹረት ገይሩ ኣብ ኣወሃህባ ፍቓድ ኢንቨስትመንትን መተባበዒን** ብዝምልከት ካብ2005 በጀት ዓመት ጀሚሩ ዝተውሃቡ ፍቓድ ኢንቨስትመንትን መተባበዒን መሰረት ዝገበረ መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ተኻይዱ እዩ፡፡ ኣብቲ መፅናዕቲ ከም መልዓሊን ፍልፍል ሓበሬታን ዝተጠቐምናሎም ኣዋጃት፣ መምርሒታትን ካልኦት እቲ ቤት ፅዮ ዝተጠቐመሎም ኣሰራርሓታት፣ ውልቀ ፋይላታት፣ መተባበዒ ንክውሃቡ ዝተፀሓፉ ናይ ደጋፍ ደብዳቤታት፣ ኣብቲ ቢሮን ወረዳን ኣብ ምፍቃድ ኢንቨስትምንትን መተባበዒን ዝሰርሑ ሓለፍትን ኪኢላታትን ብምሕታትን ሓበሬታ ተኣኪቡ ኢዩ፡፡ ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተረኽበ ክፍተታት ኣሰራርሓን ጉድለታት ኣፈፃፅማን ምስ መፍትሒ ሓሳባትን ከምዝስዕብ ተዳሊዩ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

## ዕላማ እዚ መፅናዕቲ፦

- ኣብ ኣወሃህባ ፍቓድ ኢንቨስትመንትን መተባበዒን ንግዕዝይናን ብልሸው ኣሰራርሓን ዝተቓልዑ ወይ ክቓለዑ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ብምፍታሽ ክፍተታትን ጉድለታትን ክስተኻኸሉ ብምግባር ግዕዝይና ምክልኻል፣

- ምስ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮን ትካላት ልምዓትን መንግስቲ ብምትሕግጋዝን ብምምኻርን ንግዕዝይናን ብልሸው ኣሰራርሓታትን ዘዳኽም ኩነታት ንምፍጣርን ካልኦት ሴክተራት ክምሃርሉ ዝኽእሉ ተሞክሮታት ንምግፋሕን ኢዩ፡፡

**መፅናዕቲ ንምክያድ ዝተጠቐምናሎም እታዎታትን ፍልፍሎምን**

**ሀ. ኣዋጅ፣ መምርሒታትን ካልኦት ሰነዳትን**

- በኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣዋጅ ቁጥር 769/2004

- በኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት ተሻሽሎ የወጣ ኣዋጅ ቁፅሪ 849/2006

- ስለኢንቨስትመንት ማበራታቻና ለኣገር ውስጥ ባለሃብቶች ስለተከለከሉ የስራ መስኮች የሚኒስትሮች ምክርቤት ደንብ ቁጥር 270/2005

- ስለኢንቨስትመንት ማበራታቻና ለኣገር ውስጥ ባለሃብቶች ስለተከለከሉ የስራ መስኮች የሚኒስትሮች ምክርቤት ማሻሻያ ደንብ ቁጥር 312/2006

- ለገቢዎችና ጉምሩክ ባለስልጣን እና ለክልሎች ብኣዲስ መልክ ስለተዘጋጀው ለቱሪስት ኣገልግሎት ሰጪ ድርጂቶች ከጉሙሩክ ነፃ ሆነው እንዲገቡ የሚፈቀዱ የካፒታል ዕቃዎች ለመወሰን የወጣ መመሪያ ታህሳስ 22/2007

- የኢንቨስትመንት ፕሮጀክቶች ከጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ሆነው እንዲገቡ የሚፈቀዱ ተሽከረካሪዎች ዓይነትና ብዛት ለመወሰን የወጣ መመሪያ መጋቢት 4/2005

- ብቢሮ ኮንስትራክሽንን መንገድን ትራንስፖርትን ብዕለት22/11/2005 ቁፅሪ ኮ/መ/ት/ 31/594/05 ንዝተፈላለዩ ወረዳታት ዝተልኣኸ ናይ ኮንትራክተራት መቐረባይነትን ምዝገባ ፍቓድን ሙያ ፍቓድን ክማለኡ ዝግበኦም ዝርዝር ረቛሕታት ዝሓዘ "Ministry of Urban Development and Construction Directives for Registration of

professtional and Contractors' Amended June 2013/ Addis Abeba.ዝብል መምርሒ ማኑዋል ከምእታዎት ብምጥቃም

- ኣብ ቢሮ ልምዓት ከተማ፣ ንግድን ኢንዱስትሪን መምርሒ ዞባ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ጥቅምቲ 2006 ዝወፀ መምርሒ
- ካልኦት በቲ ክልልን ፌዴራልን ኢንቨስትመንትን በዓልመዚ እቶት ዝተልኣኹ ደብዳቤታት/ሰርኩላራት

## ለ.ትልምታትን ፀብፃባትን

ብኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ካብ 2005 ክሳብ 2007 በጀት ዓመት ዝተዳለዩ ዓመታዊ ትልምታትን ፀብፃባትን ተዳህሲሶም ኢዮም፡፡

## ሐ. ኣብቲ መፅናዕቲ ዝተረኣዩ ፋይላትን ማህደራትን

ካብ 2005-2007 በጀት ዓመት ኣብ ዘሎ ጊዜ ኣብቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስ/ኢንቨስትመንት ዝተፈፀሙ ስራሕቲ ኢንቨስትመንትን መተባበዒን ነቲ መፅናቲ ደገፍቲ ዝኾኑ ማለት ካብ ወረዳ ዝተፅሓፉን ንፈደራል በዓልመዚ እቶት ዝተልኣኹ ናይ ድጋፍ ደብዳቤታት ፣ መተባበዒ ዝወሰዱ ፋይላት ብዝርዝር ብምርኣይ ብምውሳድ ተፈቲሾም እዮም፡፡

## መ. ቃለ- መሕትት ዝተገበረሎም ኣካላት

ሓበሬታ ንምእካብ ይኹን ግልፂ ዘይኮኑ ሓሳባት ኣሰራርሓኦምን ኣፈፃፅመኦምን ንምርዳእ ናይቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንትን ኣብ ዑደት ዝተኻየደሎም ወረዳን ከተማን ዝርከቡ ሓለፍቲ ኪኢላታትን፣ ካብ ጎናዊ ማለት ካብቶም ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ወፃኢ ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ዝተረኸበ ሓበሬታን ዘጠቓልለ ኮይኑ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ሰደቓ ቃል መሕትት ዝተገበረሎም ኣካላት ዘመልኸት እዩ፡፡

## ቃል መሕተት ተገይርሎም ሓቤሬታ ዝሃቡ ሰባት

| ዝተሓተቱ ኣካላት | ተባ | ኣን | ድምር | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|
| ኣመራርሓ /ክልልን ወረዳን | 7 | - | 7 | |
| ኪኢላታት/ክልልን ወረዳን | 11 | 1 | 12 | |
| ጎናዊ/ደጋዊ ሓበሬታ | 1 | — | 1 | |
| **ጠቕላላ ድምር** | 19 | 1 | 20 | |

## ረ. ትዕዝብቲ-

እቶም ፍቓድ ኢንቨስትመንትን መተባበዒን ዝተፈቐደሎም/ዝወሰዱ ሰብሃብቲ ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቐሓትን ካፒታል ኣቕሑትን ወይ ተሽከርከርቲ ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዘሎ ንምርግጋፅ ኣብ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢን ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንትን ኣብ ክልተ ኣውላዕሎ፣ውቕሮን መቐለ ከተማን ካብ ህንፀት ኣቐሓትን ተሽከርከርትን መርኣያ ብምውሳድ እቲ ጉጅለ ዑደት ኣካይዱ ኢዩ፡፡

I.ንግዕዝይናን ብልኽው ኣሰራርሓን በሪ ዝኸፍቱ ክፍታት ኣሰራርሓ

1. ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፅኡ ሰብ ሃብቲ ዝፍቀደሎም መጠን መተባበዒ ብግልፂ ዘይምቕማጡ /ስታንዳርድ ዘይምህላዉ

ኣብ ደንቢ ቑፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ 13 መሰረት ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘለዎም ሰብሃብቲ ካብ ወፃኢ ዝዕደጉ ናይ ካፒታልን ህንፀት ኣቑሑትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ከምዝፍቀደሎም ተቐመሚጡ ይርከብ፡፡

ኮይኑ ግና ሓደ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ በዓል ሃብቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ዘእትዎም ናይ ካፒታልን ህንፀት ብሚኢታዊን ወይ ብመጠን ኣይተቐመጠን፡፡ ኢንቨስተራት ዘቕርብዎ መጠን ናይ ህንፀት ኣቑሑትን ካልኦትን ምስቲ ስፍሓት መሬትን ዲዛይን/ፕላን በቢደረጃኡ ዘለዉ ሰብሞያ ከረጋግፁን ከምዝግበኦም ኣይገልፅን ፡፡ እዚ ማለት ኣረጋግፁ ኣይተረጋግፁ ኢሉ ብዘይምቕማጡ ጋሕ ዝበለ በሪ ኢዩ፡፡ነዚ ዝገልፅ መምርሒ ይኹን ናይ ውሽጢ ስርዓት ቑፅዕር ዝገልፅ ኣሰራርሓ የብሉን

በዚ ምኽንያት ተመሳሳሊ ስፍሓት መጠን መሬትን ደረጃን ዘለዎም ሆቴላት ኢንቨስት ዝገበሩ ወልቀ ሰብሃብቲ ንህንፀት ዘድልዩን ዝወሃቦም መተባበዒ ሰፊሕ ኣፈላላይ ዘለዎ መጠን ቴንዲኖ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ይገብሩ ኢዮም፡፡ ከምኣብነት

ኣብ ሆቴል ዘርፍ ኢንቨስትመንት ብደረጃ ህንፀቶም G+1, G+2 G+3, G+4, G+5, G+6 G+7, G+8 ወዘተ ዘድልዮ መጠን ሓፀን/ቴንዲኖ ስታንዳርድ ስለዘይብሉን እቲ ኣብ ሆቴልን ካልኦትን ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም ንህንፀት ዝጥቀምሎም ኣቑሑት ብዝሓተትዎ ሕቶ መሰረት ብኮንሳልታንት ዝተሰርሐ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ብል/ከ/ን/ኢ ከይገምገመን ከይኣረጋገፀን እቲ ዝቐረበ ጠቕላላ መጠን ቴንዲኖ ከይተቐነሰ ብመሉኡ ቕቡል ብምግባር ካብ ቐረፅ ናፃ ንከኣትዉ ድጋፍ ደብዳቤ ይፀሓፈሎምን/ይፍቀደሎም ከምዝነበረ ካብ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

1.1 ንህንፀት ዘድልዩ ኣቑሑት

ኣብ ስራሕቲ ሆቴል ኢንቨስትመንትን ኢንዱስትሪን ዝተዋፈሩ ንህንፀት ዘድልዩ ኣቑሑት/ቴንዲኖ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ መተባበዒ ድጋፍ ይፀሓፈሎም ነይሩ፡፡ከምኣብነት ካብ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ዝኾነ ቴንዲኖ እንትንርኢ

ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታት ብኮንሳልታንትን ተሰሪሑ ዝቐረበን ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ዝፀደቐ መጠን ቴንዲኖን ካብ ቀረፅ ነፃ ንክወስዱ ዝተፈቐደሎም እንቨስተራት ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡-

| ቑፅሪ | ስም በዓል ሃብቲ | ኣድራሻ | ፍቓድ ኢንቨስት መንት ዝውፀሉ ዕለት | ስፍሓት መሬት ብካሬ ሜትር | ደረጃ ህንፃ | ብኮንሰልታንት /ብል/ከ/ን/ኢ. ዝፀደቐ መጠን ቴንዲኖ ብሜትሪክ ቶን | ቴንዲኖ ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ዝተውሃበሉ ዕለት | እስካብ ሐዚ ካብ ቐረፅ ናፃ ከእትው ዝተፈቐደሉ መጠን ቴንዲኖ/ብሜ/ቶን |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ገብረ ኣሰፋ ወልደገብርኤል | ውቕሮ | 25/06/07 | 600 | G+7 | 609.542 | 22/07/07 | 607 |
| 2 | ተፈረ በየነ ወሬታ | ውቕሮ | 03/09/06 | 639.9 | G+8 | 773 | 12/12/07 | 600 |
| 3 | ገ/ኢየሱስ ካሕሳይ | ውቕሮ | | 332.56 | G+3 | 298 | 15/07/07 | 298 |
| 4 | መቹ ደስታ ሃደራ | ውቕሮ | 26/12/06 | 250 | G+3 | 300.98 | 09/02/08 | 300.98 |
| 5 | ተወልደ ደስታ ኣረፉይነ | ውቕሮ | 22/04/06 | 48,558 | G+5 | 702 | 22/07/07 | 702 |
| 6 | ፍስሃ ኣረጋዊ | ውቕሮ | 15/07/06 | 850 | G+9 | 992.0 | 28/09/07 | 992 |
| 7 | የማነ ግደይ ኣባዲ | ውቕሮ | 2/02/05 | 400 | G+3 | 430.54 | 26/01/08 | 430.54 |
| 8 | ኣረጋዊ ገ/መድህን | ውቕሮ | 25/04/03 | 1000 | G+3 | 998.785 | 25/07/07 | 650 |
| 9 | ገብረገርግስ ገ/ማሪያም | ውቕሮ | 13/06/04 | 1050 | G+4 | 871.52 | 06/01/08 | 641 |
| 11 | ወ/ሮ ተኽለ በርሀ | ውቕሮ | 12/07/05 | 564 | G+4 | 664.28 | 29/08/06 | 660.028 |
| 12 | ጋረድ ኣፅብሃ ኣብርሃ | ክ/ኣውላዕሎ | 15/01/07 | 500 | G+3 | 645.67 | 15/05/07 | 645.5 |
| 13 | ግርማይ ፀጋይ መለስ | ክ/ኣውላዕሎ | 21/01/06 | 663.3 | G+3 | 628.7 | 28/01/08 | 662.0 |
| 14 | ወ/ሮ ልእልቲ ኣዳነ | ክ/ኣውላዕሎ | 2/08/05 | 1050 | G+3 | 901 | 2/08/05 | 901 |
| 15 | ግደይ ገ/ማሪያም | ኣፅቢ | 04/02/07 | 440 | G+3 | 994 | 19/06/07 | 653 |
| 16 | ወ/ሮ ብርሃን ገብሩ | ኣፅቢ | 20/08/06 | 351.85 | G+3 | 894.15 | 19/06/07 | 654.94 |
| 17 | ሃ/ልኡል ገ/ሂር | ኣፅቢ | 17/03/07 | 506 | G+3 | 893.7 | 27/05/07 | 550 |
| 18 | ሓረጎት ሓጎስ | ኣፅቢ | 18/03/07 | 409.5 | G+3 | 857.38 | 03/0707 | 599 |
| 19 | ሃለቃ ኣለማዮህ ብርሃነ | ኣፅቢ | 30/01/07 | 500 | G+3 | 948.0 | 10/02/08 | 651 |
| 20 | ሓጎስ ገብረ ገ/እዝጊ | መቐለ | 12/06/05 | 371 | G+3 | 799.99 | 29/01/07 | 799.9 |
| 21 | ገብሩ ግደይ ምህረቱ | መቐለ | 13/06/05 | 44487 | G+3 | 661.676 | | 571 |
| 22 | ጠዓመ ኣብርሃ ካሕሳይ | መቐለ | 20/01/07 | 250 | G+3 | 637 | | 638 |
| 23 | ኣባዲ ሓዲሽ ኣሸብር | መቐለ | 20/02/05 | 371.8 | G+3 | 651 | 13/05/07 | 650 |
| 24 | ኣለም ኣብርሃ ኣጽብሃ | መቐለ | 14/04/07 | 600 | G+4 | 688.287 | 10/07/07 | 456.325 |
| 25 | ረዳ ግርማይ ለማ | መቐለ | 19/08/07 | 460.33 | G+5 | 550.39 | 24/09/07 | 550.38 |
| 26 | ግርማይ ኣፅብሃ ገብረስላሴ | መቐለ | | 679 | G+3 | 581.651 | | 570 |
| 27 | ገ/ኣምላኽ ኪዳኑ | ዓድዋ | 24/03/05 | 500 | G+3 | 703.211 | 13/8/07 | 493.873 |
| 28 | ገ/ሚካኤል ኪ/ማሪያም | ዓድዋ | 13/11/04 | 500 | G+3 | 732.32 | 7/09/06 | 732.32 |
| 29 | ሃ/ሚካኤል ሓጎስ | ኣሕ/ም | 29/03/05 | 500 | G+3 | 900.55 | 20/05/007 | 671 |
| 30 | ዮርዳኖስ ካሳ ሰመሮ | ማ/ው | 22/04/03 | 501.4 | G+3 | 591.72 | 25/12/07 | 598.11 |

ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ተዘርዚሮም ዘለዉን ኣብ ስራሕቲ ሆቴል ኢንቨስትመንት ዝተዋፈሩን ሰብሃብቲ በቢእዋኑ ንህንፀት ዘድሊ መጠን ቴንዲኖ ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ንል/ከ/ን/ኢ. ብምቕራብ ክፀድቕ ምስተገበረ ናይቲ ወረዳከተማ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት

ንክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት መተባበዒ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ንክኣትው ድጋፍ ደብዳቤ ይፅሕፍ ከምዝነበረ ካብቲ ዝነበረ ኣሰራርሓ ንምርዳእ ተኻኢሉ ፡፡

ሰብሃብቲ ዘካይድዎም ህንፀት ሆቴላት ዝተፈላለየ ዲዛይን/ፕላን ይሃልዎ እምበር እቲ ብኮንሰልታንት ተሰሪሑ ዝቐረበ ስፔስፊኬሽንን ቢል ኦፍ ኳንቲቲን/መጠን ቴንዲኖ ምስቲ ዝስራሕ ህንፃ ተመጣጣኒ ምኳኑን ዘይምኳኑን ወይ በቲ ዝተሰርሐ ዲዛይን መሰረት ምኳኑ ከይተረጋገፀ ተቐራራቢን ወይ ተመሳሳሊ ናይ መሬት ስፍሓትን ደረጃ ህንፃን ዘለዎም ሆቴላት ካብ ቀረፅ ነፃ ዝውሃብ ዝነበረ መተባበዒ ዝለዓለ ኣፈላላይ መጠን ቴንዲኖ ከምዝነበሮ ካብ ዝተረኸበ ሰነድ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡እዚ ማለት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖሎም ዘቕረብዎ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ንል/ከ/ን/ኢን ከፀድቕ እንትቐርብ ምስ መሬት ስፍሓቶምን ዲዛይኖምን ከይተማሓየሹን ከይተነፃፀሩን ብዝቐረበ በዝሒ ቕቡል ብምግባር ይፀድቑ ከምዝነበሩን መተባበዒ ኣብ ዝሓተቱሉ እዋን ድጋፍ ደብዳቤ ንዝምልከቶ ኣካል ይፅሓፈሎም ነይሩ፡፡ኣብቲ ሰደቓ ካብ ዝተዘርዘሩን ከምኣብነት እንትንርኢ፣

- ዲዛይኖም G+3 ኮይኖም ስፍሓት መሬቶም332.5ሜ/ካሬ፡351.8 ሜ/ካሬ፣371 ሜ/ካሬ፡371.8 ሜ/ካሬ ብኮንስልታንት ዝተሰርሐሎምን ዝፀደቐሎምን መጠን ቴንዲኖ በቕደም ሰዓብ 298 ሜ/ቶን፣ 894.15 ሜ/ቶን፣799.9 ሜ/ቶን ቴንዲኖ 651.0 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፈቒድሉ ኢዩ፡፡ኣብ መንጎ ክልተኦም ማለትእውን ዝለዓለን ዝተሓተን ስፍሓት መሬት ዘለዎም ኢንቨስተራት 332.5 እስካብ 371.8 ዘሎ ስፍሓት መሬት ኣፈላላይ 39.3 ሜ/ካሬ ወይ 11.8% ዝወሰኸ እንትኾን ናይ ቴንዲኖ ኣፈላላይ ግና 501.9 ወይ ልዕሊ 200% ሚኢታዊ ወሰኽ ኣርእዩ ኢዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ መንጎ 371 ሜ/ካሬን 371.8 ሜ/ካሬን ስፍሓት መሬቲ ሓደ እናሃለወ ወይ ናይ 0.8 ሜ/ካሬ ኣፈላላይ እናሃለወ ዝተውሃቦ ቴንዲኖ መጠን ግና 148.99 ሜ/ቶን ወይ 22.88% ኣፈላላይ ኣለዎ፡፡
- ስፍሓት መሬቶምን ዲዛይኖምን ተመሳሳሊ ዝኾኑን ብዓል (G+3) ስፍሓት ቦታ 440 ሜ/ካሬ፣(G+3) ስፍሓት ቦታ 444.87ሜ/ካሬ ፣(G+5) ስፍሓት ቦታ 460.3 ሜ/ካሬ ዝኾኑ ናይ ሓሙሽተ ሰብሃብቲ ብኮንሰልታንት ዝተሰርሐሎምን ዝፀደቐን ቴንዲኖ በቕደም ሰዓብ እንትንርኢ፣ 994 ሜ/ቶን፣661.67 ሜ/ቶን፣703 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡ኣብ መንጎ ዝለዓለን ዝተሓተን/(460.3-440=20.3) ዘሎ ስፍሓት መሬት ኣፈላላይ 20.3 ሜ/ካሬ ወይ 4.61% ዝወሰኸ እንትኾን ካብቐረፅ ነፃ

ንክወስድ ብመሃንድስ ዝተሰርሐሉ ዝለዓለን ዝተሓተን መጠን ቴንዲኖ ኣፈላላይ ግና (994-661.67=332.33) ወይ ልዕሊ 50.23% ሚኢታዊ ኣፈላላይ/ወሰኽ ኣርእዩ ኢዩ፡፡

ብፍላይ ናይቶም ክልተ ኢንቨስተራት ማለት'ውን G+3 ኮይኑ ስፍሓት መሬቱ 440 ሜ/ካሬ ዝኾነ ብኮንሰልታንት ዝተሰርሐሉ መጠን ቴንዲኖ 994 ሜ/ቶን ኢዩ፡፡G+5 ኮይኑ ስፍሓት መሬቱ 460.3ሜ/ካሬ ዝኾነ ዝተሰርሐሉ መጠን ቴንዲኖ 703 ሜ/ቶን ኢዩ፡፡እዚ ማለትዲዛይኑ ይኹን ስፍሓት መሬቱ ካብ G+3 ዝለዓለ እናሃለወ ዝተሓተ ቴንዲኖ ክምዝተሰርሐ ዘመላኽት ኢዩ፡፡ናይዚ ኣፈላላይ (ስፍሓት መሬት460.3-440=20.3 ሜ/ካ (4.6%) እንትኾን ናይ ቴንዲኖ ኣፈላላይ ድማ 994-703=291=291 ሜ/ቶን ወይ 41.2%) ወይ ካብቲ ናይ መሬት ኣፈላላይ ናይ ቴንዲኖ ልዕሊ ትሽዓተ ዕፅፊ ክምዝኾነ ንምግንዛብ ይክኣል፡፡

- G+3 ኮይኖም ስፍሓት መሬቶም 500 ሜ/ካሬ፣501.4 ሜ/ካሬ 506፣ ሜ/ካሬ ዝኾኑ ናይ ሓሙሽተ ሰብሃብቲ ብኮንሰልታንት ዝተሰርሐሎምን ዝፀደቐን ቴንዲኖ በቕደም ሰዓብ 645.67 ሜ/ቶን፣893.7 ሜ/ቶን፣948 ሜ/ቶን፣900 ሜ/ቶን፣591.72 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡ ካብ 500-506 ዘሎ ስፍሓት መሬት ኣፈላላይ 6 ሜ/ካሬ ወይ 1.18% ኣፈላላይ ዘለዎ እንትኾን ካብቐረፅ ነፃ ንክወስድ ብመሃንድስ ዝተሰርሐሉ ዝለዓለን ዝተሓተን መጠን ቴንዲኖ ኣፈላላይ ግና (948-591.72=356.28) ወይ ልዕሊ 60.2% ሚኢታዊ ወሲኹ ኢዩ፡፡
- ስፍሓት መሬቶም 1000 ሜ/ካሬ (G+3) ብኮንሳልታንት ዝተሰርሐሉ መጠን ቴንዲኖ 998.785ሜ/ቶን፣ 850ሜ/ካሬ (G+9) ዝተሰርሐሉ መጠን ቴንዲኖ 992 ሜ/ቶን ስፍሓት መሬት 1050 ሜ/ካሬ ኮይኑ (G+3) ዝተሰርሐሉ መጠን ቴንዲኖ 991 ሜ/ቶን ኢዩ፡፡

ኣብ ላዕሊ ክምኣብነት ክምዝተገለፀ እቶም ዝሰረሑ ፕሮጀክታት ተመሳሳሊ ዲዛይንን ፕላንን ክምኡውን ተመሳሳሊ ስፍሓት መሬት እንተሃለዎምውን ንህንፀት/ኮንስትራክሽን ዘድልዩን ብኮንሰልታንት ዝተሰርሑ ቢል ኦፍ ኳንቲቲን ዓብይ ኣፈላላይ ዘለዎምን ዝተጋነነን ኢዮም ነይሮም ምባል ይክኣል፡፡

ዋላ እኳ ሓደ ኢንቨስተር ዘድልዮ መጠን መተባበዒ ምስቲ ስፍሓት መሬትን ዲዛይን እናፃፀረ ክረጋግፅ ክምዝግበኦን መምርሒን ንፁር ኣሰራርሓን እንተዘይሃለወ ሕጊውን ክረጋግፁ ዝኽልክሎም ነገር ክምዘየለ እናተፈለጠ ዝምልከቶ ብዓልሞያ ወይ ሰራሕተኛ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ኣፅቢ ከባቢ ናይ ዝተወሰኑ ሰብሃብቲ ዝተቐነሰ መጠን ቴንዲኖ እንተዘይኮይኑ እቲ

ዝቐረበ መጠን ናይ ህንፀት ኣቐሑት ምስቲ ዝቐረበ ቢልኦፍ ኳንቲቲ/ዲዛይን ብምንፅፃር ብትኽክል ዘድሊ ንምኳኑ ኣረጋጊፆም ክሰርሑ ኣይከኣሉን ወይ ጊደኦም ኣይተፃወቱን ፡፡

ኣብ ክልልን ወረዳ/ከተማን ኣብያተ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ.ን ወይ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት ዝሰርሑ ሓለፍትን ኪኣላታትን ተመሳሳሊ ስፍሓት መሬትን ዲዛይን/ፕላን ንዘለዎም ዝተፈላለዩ ፕሮጀክታት ብፍላይ ንሆቴል ህንፀት ዘድልዩ ኣቐሑት ንምንታይ ከምዚ ዓይነት ዝተጋነነ መጠን ቴንዲኖ ኣፈላላይ ከምዘሎ ተሓቲቶም እንትምልሱ መጀመርታ ሓደ በዓልሃብቲ ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ ማተሪያላት ወይ ናይ ህንፀት ኣቐሑት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም እንተቕርቡን በቲ ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ ምስቲ ዲዛይንን ፕላን ከምኡውን ስፍሓት መሬትን ተመጣጣኒ ምኳኑ ብግቡእ ስለዘይረጋገፅን ንዝተፈላለዩ ዲዛይናትን መጠን ስፍሓት መሬትን ስታንዳርድ ብዘይምህላዉ ኢንቨስተራት ብኮንሳልታንት ኣስሪሖም ዘቕረብዎ መጠን ቴንዲኖ ዝምልከቶ ህንፃ ሹ.ም/ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ በቲ ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ ቕቡል ብምግባር ይስረሓሉ፡፡ እቶም ኮንሰልታንት ድማ ብዙሕ ዝኸፈሎ እንተኾይኑ መጠን ቴንዲኖ ብምብዛሕ ብተፀራሪ ንእሽተይ ዝኸፈሎ እንተኾይኑ ድማ ኣንኢሱ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ከምዝሰርሐሎም ካብቲ ዝሃብዎ ሓበሬታ ንምርዳእ ተኻኢሉ፡፡

እቶም ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ዝሰርሑ ኮንሳልታንት ናይቲ ህንፃ ዲዛይንን ዝዓርፈሉ ቦታን ኣብ ግምት ከይእተኻ ብዝረኸብዎ ጥቕሚ መሰረት ብምግባር ድርድር ብምክያድ ዝስራሕ ከምዝኾነን ተሓቢሩ ኢዩ፡፡እቲ ብኮንሰለታንት ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ ብልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ምስፀደቐ ብከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ይልኣኽ፡፡ ናይቲ ወረዳ/ከተማ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስተመንት ድማ እቲ ብል/ከ/ን/ኢ/ህንፃ ሹ.ም ዝፀደቐ መጠን ናይ ህንፀት ኣቐሑት ከምዘሎ ቕቡል ብምግባር ንክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ተቐቢሉ ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ካብ ቐረፅ ናፃ ንክኣትው ድጋፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሉ ከምዝነበረ ካብ ዝተረኸበ ሰነዳትን ሓበሬታን ንምርዳእ ተኻኢሉ፡፡

**ሳዕቤኑ ድማ:**

- ኢንቨስተራት ንፕሮጀክቶም ዘድልዮም ናይ ህንፀት ኣቐሑት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም እንተቕርቡ ሕድሕድ ቤት ፅሕፈት ወይ ከይዲ ስራሕ እቲ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ብስፔስፊኬሽን መሰረት ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ ምስቲ ዲዛይንን ፕላን፣ ስፍሓት መሬትን

ተመጣጣኒ ምኳኑ ከይተረጋገፀ ብዝቐረበ መጠን ቕቡል ተገይሩ ይፀድቕ ስለዘሎ ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍንን ተሓታትነት መስርሕ ክዳኸም ዝገብር ኢዩ፡፡

- ሰብሃብቲ ዘድልዮም ናይ ህንፀት ኣቑሑት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም እንተቕርቡን ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ. ይኹን ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት እቲ ብስፔስፊኬሽን መሰረት ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ ምስቲ ዲዛይንን ፕላን፣ ስፍሓት መሬትን ተመጣጣኒ ምኳኑ ሓላፍነት ወሲዱ ብግቡእ ከይተረጋገፀ ብዝቐረበ መጠን ቕቡል ብምግባር ምፅዳቕ ድርድር ብምክያድ ፣ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ከፊቱ ኢዩ፡፡
- ንክራይ ኣከብቲ ዘተባብዕን ከምድለየቶም ዝዕንድርሉ ባይታ ክፍጠር ዝገብርን ንሓቀኛ ልምዓታዊያን ሰብሃብቲ ዘዳኽምን ኣኪያይዳ ኢዩ
- እቶም ኢንቨስተራት ብሕልፊ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገብርዎም ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑትን ካብቶም ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘውፀኡ ነጋዶ ብዋጋ ኣትሒቶም ስለዝሸጥዎ ከይዲ ዕዳጋ ዘናግፅን ንኪሳራ ዘዳርግን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ህንፀት ኣቑሑት ንግዲ ዝሳተፉ ነጋዶ ከንፀርፅሩን ኣብ መንግስቲ መረረት ከሕድሩ ዝገብር
- ኢንቨስተራት ንህንፀት ሆቴል ዘድልዩ ኣቑሑት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም እንትቐርቡ ካብቲ ዲዛይን/ፕላንን ስፍሓት መሬትን ንላዕሊ ብዝተጋነነ መጠን ቴንዲኖ ካብ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ስለዝገብሩ መንግስቲ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ኣታዊ ክኸውን ዝነበረ መጠን ገንዘብ ክስእን ዝገብር ኢዩ

## መፍትሒ ሓሳብ

- ናይ ሓፂር እዋን ከምመፍትሒ ክኸውን ተመሳሳሊ ዲዛይንን ፕላን፣ተመሳሳሊ ስፍሓት መሬት ዘለዎም ተመሳሳሊ መጠን ቴንዲኖ ስታንዳርድ ብምምውፃእ ክስረሐሉን ተግባራዊ ክኸውንን ብኡ መሰረት ክትትልን ቑፅፅርን እንተዝግበር
- ሕድ ሕድ ቤት ፅሕፈት ወይ መዳርግቲ ኣካል ብክልል ወይ ብፌዴራን ኣሰራርሓ እስካብ ዝወፀሉ ኣብ ምርግጋፅ፣ ቍፅፅርን ክትትልን ካብ ቐረፅ ነፃ ዝኣትዉ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ተግባርን ሓላፍነቱን ዘርኢ መስርሕ ወይ ስርዓት ውሽጢ ቑፅፅር ብምውፃእ ተግባራዊ ክኸውን ይግባእ ንብል
- ከምናይ ነዊሕ እዋን መፍትሒ
    - ኣብ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ናይ ኣወዳድባ ሓይሊ ሰብ ክመዓራረይ ወይ ናይ ምህንድስና ሙያ ዘለዎም ኪኢላታት ክምደቡ ብምግባር ተግባርን

ሓለፍነቶም ፈሊጦም ናይ ተሓታታትነትን መስርሕ ተግባራዊ ዝኾነሉ ባይታ እንተዝፍጠር

- ኣብ ስርዓት ኣወሃህባ መተባበዒ ብክልልን ፌዴራል ዘማእኸለ ስሩዕ ኣሰራርሓ ክወፅኣሉ እቲ ኣብ ባይታ ዘጋጥም ዘሎ ፀገም ንክልል ላዕለዎት ሓለፍትን ፌዴራል ኢንቨስትመንት ብምቕራብ ብፌዴራል ይኹን ብክልል ክፍታሕ እንተዝግበር ሕጋዊ ኣሰራርሓ ክስፍን ሓጋዛይ ኢዩ፡፡

## 1.2 ካብ ቀረፅ ነፃ ዝኣትዉ መጠን ተሽከርከርቲን ካፒታል ኣቑሑት/ማሽነሪታት ብግልፂ ዘይምቕማጡ

ኣብ ማሽነሪ ክራይን ካልኦት ኮንስትራክሽን ፍቓድ ኢንቨስትመንት  ዘውፅአ ኢንቨስተር ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝገብሮ መጠን ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን መተባበዒ ብግልፂ ብዘይምቕማጡ ወይ ስታንዳርድ የብሉን፡ነዚ ዝገልፅ  መምርሒ ይኹን ናይ ውሽጢ ስርዓት ቑፅፅር ዝገልፅ ኣሰራርሓ የብሉን ፡፡

ሰብ ሃብቲ ኢንቨስት ዝገበርዎ ምስ ካፒታሎም ዝምጥን ክወስዱ ከምዝግበኦምን ካብቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ንዝሓትዎ ተሽከርካሪ ትሕቲኡ ድዩ ልዕሊ ካፒታሎም ዝብል ንፁር መዐቀኒን ክትቆፃፀረሉ ዘኽእል ስርዓት ብዘይምህላዉ ልዕሊ ካፒታሎም ኣታዊ ክገብሩ ይፈቀደሎም ኣሎ፡፡

በዚ መሰረት ኣብ ማሽነሪ ክራይን ኮንስትራክሽንን ዝለዓለን ዝተሓተን ካፒታል መጠን ካፒታል ኢንቨስት ዝገበሩ ሰብ ሃብቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብርዎ ዝግባእ በዝሒ ተሽከርከርቲ ብግልፂ ብዘይምቕማጡ ካብቲ ኣብ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዝተገለፀ መጠን ካፒታል ንላዕሊ ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን መተባበዒ ኣታዊ ንክፍቐደሎም በቢወረዳኡ/ከተማ ዝርከቡ  ክይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት ወረዳታትን ንክልል ምስፍሕፋሕ ንቨስትመንትን ፈዴራል እቶት በዓልመዚ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ይዕሕፉ ነይሮም፡፡ከምኣብነት

- ገብረ ተካ ኣማረ መቐ/ከ/1787 ዝተብሃለ ብኮንስትራክሽን ፍቓድ ዘውፅአ ዘለዎ ካፒታል1,000,000 እንትኾን ሓንቲ ሰኖ ትራክ (1.4 ሚልዮን) ዝዋጋኣ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ብዕለት 20/11/07 ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት  ተፃሒፍሉ ኢዩ

- ገብረስላሴ ኣባዲ ኪዳኑ ሽረ/ኢን/ኮ/195 ዝተብሃለ ብኮንስትራክተር ደረጃ-5 ፍቓድ ዘውፅአ ዘለዎ ካፒታል3,000,000 እንትኾን 2 ሰኖ ትራክ (2.8 ሚልዮን) ዝዋጋን ሓንቲ ፒክ ኣፕ ብር 740,000 ዝወጋኣ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ብዕለት 15/03/07 ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡እዚ በዓል ሃብቲ ካብ ኢንቨስትመንት ካፒታል 540,000 (18%ሕልፊ) ተሸከርካሪ ክዕድግ ተፈቒድሉ ኢዩ፡፡
- ፍሪዊስ ኮንስትራክሽን መቐ/ኮ/367/03 ዝተብሃለ ብኮንስትራክሽን ፍቓድ ዘውፀአ ዘለዎ ካፒታል1,000,000 እንትኾን ሓንቲ ሰኖ ትራክ(1.4ሚልዮን) ሞተር ግራደርን ዝዋጋኣ ካብቀረፅ ናፃ ኣተዊ ክገብር ብዕለት 20/11/07 ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሉ ኢዩ ፡፡ ካብ ኢንቨስትመንት ካፒታል 400,000 (40%) ሕልፊ ኢዩ፡፡፡፡
- መስከረም ገብረጊዮርጊስ ቢያድን ኮንስትራክሽን ማሽነሪ ኣካራይ ኢንቨስትመንት ካፒታል 12,000,000
    - 29/12/05 ኤክስካቫተርን ሮለርን
    - 29/05/07 ሚክሰር
    - 12/03/07 ሓደ ኤክስካቫተርን ዶዞርን
    - ረሳሕ ፈሳሲ መወገዲ መኪና
- ኣታኽልቲ መሓሪ ዝተብሃለ ብኮንስትራክሽን ፍቓድ ዘውፀአ ዘለዎ ካፒታል ብር 1,060,000 እንትኾን ሓንቲ ሰኖ ትራክ/ገልባጭ(1.4ሚልዮን) ዝዋጋኣ ካብቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ብዕለት 29/3/07 ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሉ ኢዩ
- ሓጎስ ገብረሚካኤል ዝተብሃለ ብኮንስትራክሽን ፍቓድ ዘውፀአ ዘለዎ ካፒታል ብር 1,200,000 እንትኾን ሓንቲ ሰኖ ትራክ/ገልባጭ (1.4ሚልዮን) ዝዋጋኣ ካብቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡
- ቃልካ ኮንስትራክሽን ህንፃ ተቛራጭ ኢንቨስትመንት ፍቓድ መጠን ካፒታል ብር 1,000,000 እንትኾን ልዕሊ1,250,000 ዝዋጋኣ ሎደር ካብጉሙሩክ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ክትኽውን ተፀሒፍሉ ኢዩ

ሳዕቤኑ ድማ:

- ኢንቨስተራት ካብ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ዝገብርዎን መጠን ማሽነሪታትን ተሽከርከርቲን ስታንዳርድ ስለዘይብሉን/ብንፁር ብዘይምቕማጡን ብዝሓተትዎ መጠን ቕቡል ስለዝግበርን ብግቡእ ተረጋጊፁን ተፈቲሹን ስለዘይፍቀድን ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ይገብር

- ተሸከርካሪ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገበር ንዝሓተተ በዓልሃብቲ መጠን ካፒታሉ ይውሓድ ይብዛሕ ከይተገምገመ ብፍላይ ንማሽነሪ ክራይ ንዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ ዝሓተትዎ መጠን ቕቡል ገይርኻ ክፍቀደሉ ድጋፍ ምዕሓፍ ንክራይ ኣከብቲ የተባብዕ፣ ካልኦት ሰባትእውን ከምኡ ክሰርሑ ዝዕድም ኢዩ፡፡
- መንግስቲ ብተደጋጋሚ ኣታዊ ካብ ዝኾኑ ተሸከርከርቲ ካብ ጉሙሩክ ቀረፅ ኣታዊ ክኸውን ዝነበረ መጠን ገንዘብ ክስእን ዝገብር ኢዩ

**መፍትሒ ሓሳባት**

- ኣብ ማሽነሪ ክራይ ካልኦት ናይ ኮንስተራክሽን ስራሕቲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘውፀኡ ኢንቨስተራት ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝገብርዎን መጠን ናይ ካፒታል ኣቐሑትን ተሸከርከርቲን ብዝምልከቶም ኣካላት ትኹረት ተገይርሉ ናይ ውሽጢ ኣሰራርሓ ወይ መምርሒ/ስታንዳርድ ክወፅእሉ እንተዝግበር ተሓታተነት ዘለዎ ኣሰራርሓ ክሰፍን ይገብር
- ዝምልከቶም ኣካላት እቶም ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝኾኑ ተሸከርከርቲን ማሽነሪታትን በቢእዋኑ ኣብ ምንታይ ከምዝወዓሉ ክረጋገፅ ብምግባር ክትትልን ቁፅፅርን ክግበር ንመክር

## 2. ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት መተባበዒ ድጋፍ እንትፅሓፍ ዘረጋግፆን ዝፈረመን ሓደሰብ ምኳኑ

ሰብ ሃብቲ ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑትን ካብ ወረዳ/ከተማ ቤትፅሕፈት ኢንቨስትመንት ንበዓል ሃብቲ ዘድልዮ መጠን መተባበዒ ቕጥዒ መሊኦም ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ንክልልኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ይልእኹ፡፡ ናይቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ኪኢላታት ድማ ኣረጋጊፆም ንከይዲ ስራሕ ሓላፊ ብምቕራብ ተፈሪሙ ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ንሕድሕድ ኢንቨስተራት ዝሓተትዎ መጠን መተባበዒ ንክፈቀደሎም ከምዝልኣኽ እቲ ኣሰራርሓ ይሕብር፡፡

ይኹን'ምበር እቲ ንኢንቨስተራት ዝፍቀድን በቢደረጃኡ ብሕድ ሕድ ቤት ፅሕፈት/ከይዲ ስራሕ ዝተልኣኸ መጠን መተባበዒ መን ከረጋጋፆን ክፅድቖን ከምዝግበኦ ዝበሎ ነገር የለን ፡፡ ነዚ ኣሰራርሓ ዝገልፅ ኣብቲ ደንቢ ይኹን ኣብ መምርሒ ኣይተቐመጠን፡፡

በዚ መሰረት ኢንቨስተራት መተባበዒ ንክፍቀደሎም ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ክፅሓፈሎም ዘቅርብዎም ሕቶታት ሓደ ሰብ/ኪኢላ እቲ ካብ ወረዳታት ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ ወይ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ዝተልኣኸ መተባበዒ ናይ ምርግጋፅን ምፍራምን ስራሕቲ/ባዕሉ መረጋገፂን ፈራሚን ከምዝኾነ ከምኣብነት ካብዝተወሰዱ ሰነዳት ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

- ኣረጋዊ ገብረመድህን ኣለማዮህ ብ25/04/03 ኢንቨስትመንት ፍቓድ እቲ ኢንቨስተር ቕድም ዝወሰዶ ቴንዲኖ ኣብ ምንታይ ከምዝወዓለ ከይተፈለጠ ብ25/07/07 650.763 ሜ/ቶን መረጋገፂን ብሓላፍነት ዝለኣኾን ሓደ ሰብ ምዃኑ፡፡
- ረዳኢ ክንደያ ብሆቴል ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዝወሰደ ኮይኑ 534.881ሜ/ቶን መረጋገፂን ብሓላፍነት ዝለኣኾን ሓደ ሰብ ምዃኑ
- ካልኣዩ ተስፋይ ሓለፎምብሆቴል ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዝወሰደ ኮይኑ 653.3 ሜ/ቶን መረጋገፂን ብሓላፍነት ዝለኣኾን ሓደ ሰብ ምዃኑ
- ገብረ ግደይ ምህረቱ ብሆቴል ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዝወሰደ ኮይኑ 652.77 ሜ/ቶን መረጋገፂን ብሓላፍነት ዝለኣኾን ሓደ ሰብ ምዃኑ

**ሳዕቤኑ ድማ**:

ሰብሃብቲ ንኢንቨስትመንት ዘድልዮም ማተሪያላት ወይ ናይ ህንፀት ኣቕሑት ንኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት እንትቐርብን ንፌደራል በዓልመዚ እቶት መተባበዒ ድጋፍ እንትፅሓፍን ዘረጋግፆን ዝፈረመን ሓደ ሰብ ምስምዃኑ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ይኸፍት

**መፍትሒ ሓሳብ**:

- ሰብሃብቲ ንኢንቨስትመንት ዘድልዮም ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቕሑትን ድጋፍ እንትፅሓፍ ዘረጋግፅን ሓላፍነት ወሲዱ ንዝምልከቶ ኣካል ወይ ቤት ፅሕፈት ፈሪሙ ዝልእኽን ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት/ኪኢላታት ንክኾኑ ናይ ስርዓት ውሽጣዊ ኣሰራርሓ ወይ መምርሒ ክወፅኣሉ እንተዝግበር
- እቲ ቢሮ እስካብ ናይ ውሽጢ ኣሰራርሓ ወይ መምርሒ ዝወፀሉ ድማ ዘረጋግፅን ዝፍርምን ዝተፈላለዩ ኪኢላታት ክኾኑ ይግባእ

3. **ኣብ ኣወሃህባ ድጋፍ መተባበዒ ተግባርን ሓላፍነትን ቤት/ሕፊት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንንዱስትሪን ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትን ካልኦት ሴክተራትን ብንፁር ዘይምቕማጥ**

ሰብሃብቲ ናይ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ካብ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ምስኣውፀኡ ንህንፀት ዘድልዩ ማተሪያላት ከምቴንዲኖ ሴራሚክን ካልኦትን ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ ናይ ካፒታል ኣቑሑትን ካልኦት ማሽነሪታትንፕሮጀክትፕሮፖዛል/ቢዝነስ ፕላን እንተውፅኡ ዘቕርብዎ ሰፔስፊኬሽንን ቢልኦ ኳንቲቲን /Specifications and Bill of Quantity ንቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ምሰቐረበ እቲ ቤት ፅሕፈት ብዝቐረበ መጠን መተባበዒ ብምቕባል ኣፅዲቑ ኣብቲ ወረዳ ወይ ከተማን ዝርከብ ን/ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ይልእኽ/የመሓላልፍ ቐፂሉ ድማ ንክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት በቲ ካብ ወረዳ ተመሊኡ ዝተለኣኸ ከምዘሎ ቕቡል ተገይሩ ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ከምዝፀሓፈሎም ካብቲ ብተግባር ዝተርኣየ ከይዲ ኣሰራርሓ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢሉ፡፡

ኣብዚ ዘሎ ክፍተት ኣሰራርሓ ሕድ ሕድ ቤት ፅሕፈት ወይ ከይዲ ስራሕ እቲ ብዓልሃብቲ ብፍላይ መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ንከእትው ድጋፍ እንትፅሓፍ ብኮንሰልታንት ኣሰሪሑ ዝቐረቦ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ወይ መጠን መተባበዒ ንል/ከ/ን/ኢ.ን እንትቐርብ እንታይ መሰረት ገይሩን ብኸመይ ኣገባብ ከረጋግፆ፡ ከፅድቖ ወይ ክነፅጎ ከምዝግባእ፣መን ኣካል እንታይ ይቆፃፀር፣እንታይ ይፍትሽ ዝብል መሰረት ዘለዎ ኣሰራርሓ ዘይብሉ ምኳኑን ዝርዝር ሓላፍነትን ተግባርን ብዘይምቕማጡን ህንፃ መሃንድስ ይኹን ናይ ኢንቨስትመንት ኪኢላታት እቲ ዝቐረበ መተባበዒ ብኮንሰልታንት ብዝተሰርሐ መጠን ቕቡል ብምግባር የፅድቕዎ ነይሩ፡ ብተመሳሳሊ በቢወረዳኡ/ከተማን ክልልን ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ድማ እቲ ብህንፃ ሹም ዝፀደቐ መተባበዒ ከመይ ከረጋግፆ፣ቕቡል ክገብሮ ወይ ከመሓይሾ ከምዝግበኦ ኣብቲ መምርሒ ይኹን ስርዓት ኣሰራርሓ የብሉን፡፡

**ሳዕቤኑ ድማ፡**

- ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ዘቕርብዎ መጠን መተባበዒ ኣብ ምውሳን ሕድሕድ ኣካል ወይ ቤ/ፅሕፈት ተግባርን ሓላፍነትን ብዝርዝር ብዘይምቕማጡ ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ብምግባር ናይ ተሓታትነት መስርሕ ከይህልው ይገብር
- ኢንቨስተራት ንዘስርሕዎ ፕሮጀክት ወይ ህንፃ ዘድልዮም መጠን መተባበዒ ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ዘቕረብዎ ናይ ህንፀት ኣቐሑት ሓላፍነት ወሲዱ ከረጋግፅ ብዘይምኽኣሉ ካብቲ ህንፃ ዲዛይንን ፕላንን ኳንቲቲ ንላዕሊ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ይኹውን ብምንባሩ መንግስቲ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ኣታዊ ክኹውን ዝነበረ መጠን ገንዘብ ክስእን ዝገብር ኣኪያይዳ ኢዩ፡፡

**መፍትሒ ሓሳብ**:

- ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ዘቕርብዎ መጠን መተባበዒ ኣብ ምውሳን ወይ ኣብ ምርግጋፅ መምርሒ ወይ ናይ ውሽጢ መስርሕ ክወፅኣሉ ብምግባር ሕድ ሕድ ኣካል/ ቤ/ፅሕፈት ወይ ከይዲ ስራሕ ዘለዎ ተግባርን ሓላፍነትን ብዝርዝር ክቕመጥ እንተዝግበር
- እቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ብዛዕባ ምርግጋፅን ምፍቃድን መተባበዒ ኢንቨስትመንት ዝገልፅ ናይ ውሽጢ ስርዓት ኣሰራርሓን መስርሕ ብምዝርጋሕ ተሓታትነት ክተኣታተውን ብኡ መሰረት ተግባራዊ ክኹውን ይግባእ ንብል

## II. ኣብ ኣፈፃፅማ ዝተርኣዩ ጉድለታት

### 1. ካብ መምርሒ ወፃኢ መተባብዒ ክፈቀደሎም ድጋፍ ምሃብ

ደንቢ ኢንቨስትመንት ቁፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ 13 መሰረት "ከዚህ ደንብ ጋር በተያያዘው ሰንጠረዥ ተራ ቁጥር (7,11,14,15) ማለትም የግንባታ ሪል እስቴት፣የአሳታማንነት ሰራ ፣ የውጭ ንግድና የጅምላ ንግድ የተመለከቱት ሳይጨምር በሰንጠረዡ ከተዘረዘሩት የስራ መስኮች በአንዱ የተሰማራ ባለ ሃብት ለሚያቋቁመው አዲስ ድርጅት ለማስፋፋት ወይም ለማሻሻል የሚያስፈልጉ የካፒታልና የግንባታ ዕቃዎች ከጉሙሩክ ቀረጥ ነፃ ማስገባት ይቻላል" ይብል ።

ኮይኑ ግና እዚ ሕጊ ክጣሓስ ይረኣዩ ፡፡ እዚ ማለት መተባብዒ ዘይፈቐደሎም ዓውደ ሰራሕቲን በቲ መምርሒ መሰረት ዝተሓተ ረቛሓ ዘየማልኡን ኣብ ስራሕቲ ሕትመትን ኢንቨስትመንት ተሸከርከርቲን ዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ተፈቒድሎም ኢዩ።

- ኣቶ ፍሳሃ ወ/ምርያም ገ/መድህን ዝተብሃለ ዕለት18/12/2006 ቁፅሪ ኢ.ን.መቐ/330/2002 ፈቓድ ኢንቨሰትመንት ሕትመት ብ12,000,000 ዝወፀኡ እንተኾኑ ዕለት 13/12/2006 ቐፅሪ 755/ኢ.ን/መቐ 4_49–1/4 47 ዓይነታት ኣቑሑት ጠቕላላ ዋግኦም 13105 USD july 2014 ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፉሉ።
- ቤል ሓላፍነቱ የተ/የግ/ማህበር ዝተብሃለ ብብር13,229,634 ካፒታል ኣብ ከተማ መቐለ ብዕለት18/09/06 ቁፅሪ ኢ.ን.መቐ./1395/06 ሕትመት ስራሕ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘውፅአ ብ26/02/07 ቑፅሪ ኢ.ን.መቐ /109/4-49-1/40 ናይ 15 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካፒታል ኣቑሑት ካብ ቀረፅ ናፃ ንከእትዉ ድጋፍ ደብዳቤ ተፃሒፍሉ

❖ ኣብ ተሽከርከርቲ

ተማሓይሹ ዝወፀ መምርሒ ተሽከርከርቲ ቑፅሪ 4/2005 ዓንቀፅ 5 ን/ዓንቀፅ '1'ን'2'ን ንፕሮጀክት ኢንቨስትመንት ካብ ቀረፅ ነፃ ንከእትው ዝተፈቀደ ዓይነት ብዝሕን ተሽከርከርቲ ዝኾነ ብዓል ሃብቲ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ካብ ወፃኢ ንከእትው ዝተፈቐደሉ ብዘልምዖ መሬት ስፍሓት፣ ብዝህልዎ ናይ እንስሳት በዝሕን ከምኡዉን መሬት ዝተረከበ ምኽኑን ወይ ተኻሪዩ እንተኾይኑ ድማ ዉዕሊ ክራይ መረዳእታ ከቐርብ ከምዝግባእ ተገሊፁ ይርከብ ፡፡ ብፍላይ ኣብ

ሕርሻ ኢንቨስትመንት ዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ ልዕሊ 200 ሄክታር ዘልምዑ እንተኮይኖም ሓንቲ ፐክ ኣፐ መኪና ጥራሕ ከምዝፈቀዶሎም ኣቐሚጡ አዩ፡፡

ብተወሳኺ ኣብመምርሒ ቑፅሪ 4/2005 ዓንቀፅ 16/ንኡስ ንቀፅ መሰረት" ተሽከርካሪዎች ከጉሙሩክ ነፃ ሆነው እንዲገቡ ስለሚፈቀድበት ሁኔታ በኢትዮጵያ ኢንቨስትመንት ቦርድ እንደገና ተሻሽሎ የወጣው መመሪያ ቁጥር 3/2003 (እንደተሻሻለ) ተሽሯል" ይብል እዚ መምሒ ድማ ካብ መጋቢት4/2005 ጀሚሩ ተግባራዊ ከምዝኾውን ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ኣብዚ መምርሒ ተሽከርከርቲ ዓንቀፅ 5/1/1.3 ኣብ ቀወምቲ ተኽልታትን ፍረምረን ኣብ ዝብል ሰንጠረዥ ሓንቲ ፒክ ኣፐ መኪና ክፍቀድ ዝክኣል ሓደ ኢንቨስተር ካብ 200-300 ሄክታር ናይ ምልማዕ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ዘለዎ ከምዘኾነ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ኣብ ተግባር መፂኢኻ ግና መምርሒ ተማሓይሹ እናሃለወን ቅድም ክብል ብዝፈረሰ/ዝተሰዓረ መምርሕ ምኽንያት ብምግባር ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሄክታር ንታሕቲ ስፍሓት መሬት ሒዞም ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘለዎም ኢንቨስተራት ተሽከርካሪ/ፒክ ኣፐ መኪና ተፈቒደሎም ኢዩ፡፡ ከምኣብነት

- ወ/ዘሮ ኢሌና ዲግራንደ ቤንቺዞ ብ29/05/2000 ቑፅሪ ኢ.ን.ሕ/1255/2000 ብኣትክልትና ፍረምረ አንቨስትምንት ፍቓድ 50 ሄክታር ዝወሰደት ብዓልቲሃብቲ ብ8/07/06 ቁፅሪ 438/ኢ.ን.ሕ -016/100-1/40 ሓንቲ ፒክኣፐ ካብቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክትገብር ንፈዴራል ገቢዎች ተፃሒፉላ ኢዩ
- ኣቶ ኣማኑኤል ኣብርሃ ዝተብሃለ ብዕለት 15/05/2004 ቑፅሪ ኢ.ን.ራ/ዓ/ሕ 19/2003 ብብር13,000,000 ብኣትክልትን ፍረምረን አንቨስትመንት ፍቓድ ኣብ 50 ሄክታር ዝወሰደ ብዓልሃብቲ ብ26/006/07 ቑፅሪ 534/ኢ.ን.ራ/ዓ/ሕ4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፐ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክትገብር ንፈዴራል ገቢዎች ተፃሒፉላ ኢዩ፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ዝተጠቐሱ ሰብሃብቲ ኣብ መምርሒ ተሽከርከርቲ ዓንቀፅ 5 ንኡስ ዓንቀፅ 2ሀ ተሽከርከርቲ ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትው ዝፍቀደሉ መሬት ምርካቡ ወይ ተኻሪዩ እንተኾይኑ ውዕሊ መረዳእታ ከቕርቡ ከምዘለዎም መረዳእታ ከቕርብ ከምዘለዎ ተቐሚጡ እናሃለወ ናይ መሬት ክራይ ውዕሊ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ እንዳተገበአ ውዕሊ ክራይ ከየቕረቡ ተፃሒፍሎም ኢዩ፡፡

ካልእ ኣብ ስራሕቲ ግብርና ወይ ሕርሻ ኣብ ዝራእቲ ብርዒ ኣገዳን ጥረምረን ናይ ቕብዓት ኣትክልቲ ዘምርቱ ካብ200-300 ሄክታር ዘልምዑ ኢንቨስተራት ሓንቲ ፒክ ኣብ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ከምዝፍቀደሎም ተቐሚጡ ኢዩ፡፡

ይኹን እምበር ኣቶ ሓዱሽ ወልዱ ተኪኤ ዝተብሃሉ ብዓል ሃብቲ 03/06/06 ቑፅሪ Ka/A261/06 ብር 5,973,750 ካፒታል ዘለዎምን 200 ሄክታር መሬት ዘልምዑን ብዘይኣግባብ ክልተ ፒክ ኣፕ መኪና ኣታዊ ክገብሩ ናብ ፌዴራል እቶት በዓልመዚ ተፃሒፍሎም ኢዩ፡፡ከምኣብነት ብ03/03/07 ካብ ወረዳ ቓፍታ ሑመራ ብዝተፅሓፈሎም ደብዳቤ መሰረት ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ድጋፍ ዝፀሓፈሎም እንትንርኢ

- 09/03/07 ቑፅሪ15/ኢን-ቓሑ 4-49-1/25 ሓንቲ ፒክ ኣፕ
- 18/09/07ቑፅሪ711/ኢን-ቓሑ 4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ

- ብተመሳሳሊ ኣብ መምርሒ ተሽከርከርቲ ቑፅሪ 4/2005 ንህንፃ ተቛራጭ ደረጃ 3 ዝተፈቐደ ዝተፈቐደ መጠን ተሽከርካሪ ሓንቲ ፒክ ኣፕ እንትኾን ኣብ ከተማ ዓዲግራት ዝርከብ ተስፋኣለም ገብረሚካኤል ገብረማሪያም ዝተብሃለ ግና ህንፃ ተቛራጭ ብዕለት 27/09/2005 ቑፅሪ 525-4-49-1/25 ክልተ ፒክ ኣፕ(ሓንቲ ሕልፊ) ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሎም ኢዩ፡፡

**ሳዕቤኑ ድማ**:

- ንሰብሃብቲ ዝተሓተ ረቑሓ ዘየማልኡ እናሃለዉ ብዝፀንሐን ብዝተስዓረን መምርሒ ምኽንያት ብምግባር ተሽከርከርቲ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ክፍቀደሎም ድጋፍ ምፅሓፍ ንግፅዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ኸፊቱ ኢዩ፡፡
- ደንቢ ኢንቨስትመንት ቑፅሪ 270/2005 ዓንቐፅ 13 መምርሒ ተሽከርከርቲ ቑፅሪ 4/2005 ተጣሒሱ
- መንግስቲ ካብተን ተሽከርከርቲ ናይ ጉምሩክ ቐረፅ ኣኽፊሉ ኣታዊ ክገብሮ ዝነበረ ኣታዊ ክስእን ይገብር

  ከምኣብነት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ 6 ተሽከርከርቲ ናይ ሓንቲ ፒክ ኣፕ መኪና/ተሽከርካሪት ዝተሓተ ዋጋ ብር750,000እንተኾይኑ ናይ(6*750,000=4,500,000) ስለዚ ናይዘን 6

ተሸከርከርቲ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ተኸፊሉ ንመንግስቲ ኣታዊ ክኸውን ዝነበሮ ክስእን ገይሩ ኢዩ፡፡

**መፍትሒ ሓሳብ**

- ንሰብሃብቲ መተባበዒ እንትፍቀደሎም ኣብ ደንቢ ኢንቨስትመንት ቑፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ13ን መምርሒ ተሸከርከርቲን ዝተዘርዘሩ ረቑሒታት መሰረት ብምግባር ብትኹረት ክስረሐሉ ይግባእ፡፡
- እዞም ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ብዘይኣግባብ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝኾኑ ናይ ካፒታል ኣቑሑትን ተሸከርከርትን ንቕድሚት ብዘይድገመሉ ኩነታት ብዕሊ ተላዒሉ ክግምገምን ክስተኻኸልን ይግባእ
- ሰብሃብቲ ካብ መምርሒ ወፃእ ተሸከርከርቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ንዝሓትዎ ኩሉ ቕቡል ብምግባርን ናብ ሓላፊ ብምቕራብ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ክፅሓፍ ዝገበሩ ውልቀ ሰራሕተኛታት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ይግባእ ንብል

## 4. ብዘይኣግባብ መጠን ቴንዲኖ ብምውሳኽ ካብ ቀረፅ ነፃ መተባበዒ ክወስዱ ድጋፍ ምፅሓፍ

### 4.1 ብዝምልከቶ ኣካል ካብ ዝፀደቐ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ሕልፊ ብምውሳኽ ድጋፍ ምፅሓፍ

ኣብ ደንቢ ቑፅሪ 270/2005 ዓንቀፀ 13/3 መሰረት "ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ማበረታቻ ተጠቃሚ የሆነ ባለሃብት ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ እንዲገቡ የሚፈልጋቸው የካፒታልና የግንባታ ዕቃዎች ዝርዝር ለሚመለከተው የኢንቨስትመንት ኣካል በቅድሚያ ማስፈቀድ ኣለበት "ኢሉ የቕምጥ

በዚ መሰረት ኣብ ክልልና ዝተፈላለዩ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፅኦም ኣብ ልምዓት ዝንቀሳቐሱ ሰብ ሃብቲ ቕድሚ መተባበዒ ድጋፍ ደብዳቤ ክውሃቦ ምምልካቶም ከማልኦም ዝግበኦ ነገራት ኣለዉ፡፡ንሳቶም ድማ ኢንቨስትመንት ሰርቲፍኬት/ፍቓድ ዘለዎ፣ መሬት ዝተዓደለ ምዃኑ፣ ቢዝነስ ፕላን /ፕሮጀክት ብኮንሳልታንት ኣዳልዩ ኣቕሪቡ በቲ ወረዳ/ከተማ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ክፀድቕ ዝገበረ ኢዩም፡፡

ሰብሃብቲ ዝደልይዎ መጠን ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑት መሰረት ብምግባር ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ደብዳቤ ዝፀሓፈሎም በቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዝሃበ ኣካል ወይ ቤት

ዕሕፈት ወረዳ/ከተማ ነቲ ፕሮጀክት ዘድልዩ ናይ ህንፀትን ካፒታልን ኣቐሑት ምስ ዝርዝር ስፔስፍኬሽንን ቢል ኦፍ ኳንቲቲን ዘለዎን ዝፀደቐ ምኳኑ ብምርግጋፅ ንክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ይልኣኽ፡፡

ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት እቲ በወረዳ ዝተልኣኸ መረዳእታ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ረቛሒታት መሰረት ብምግባር ትኽክክለኛነተቱ ብምርግጋፅቲ እቲ ብዓል ሃፍቲ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ንፈዴራል እቶት ብዓል መዚ ድጋፍ ከምዝፅሕፈሎም ዝዋቀምሉ ስሩዕ ኣሰራርሓ ኢዩ፡፡

ኣብ ተግባር መፂኢኻ ግና ገለ ገለ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀኡ ሰብሃብቲ ካብ ወረዳ ድጋፍ ደብዳቤ ከየቕረቡ ወይ ከይለኣኹ ካብቲ ብል/ከ/ን/ኢን ዝፀደቐ ቢል ኳንቲቲ ንላዕሊ እቲ ክልል ባዕሉ ብወረዳ ዝተልኣኸ/ዝተገለፀ መጠን ብረት/ቴንዲኖ ወሲኹ ይልእኽ ነይሩ፡፡እዚ ማለት ኣብ ልዕሊ በቲ ወረዳ/ከተማ ብኮንሳልታንት ተሰሪሑ ብመሃንድስ ዝፀደቐ ስፔስፊኬሽንን ቢል ኦፍ ኳንቲቲን/መጠን ቴንዲኖ ብምውሳኽ ናይቲ ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ንፈዴራል ብዓል መዚ እቶት ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ  ክገብሩ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ይህብ  ከምዝነበረ ካብ ዝተረኸበ ሰነድ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ ከምኣብነት

- ፍሰሃ ተኸለ ወልደጊዮርግስ ቁፅሪ1/795 ኣብ ሆቴል ዘርፍ ኢንቬስትመንት ፍቓድ ዝውፅአ ኮይኑ ብመሃንዲስ /ብኮንሰልታንት ተሰሪሑ ዝቐረበ ስፔስፊኬሽን/ቢል ኦፍ ኳንቲቲ መሰረት ብዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ዝፀደቐ መጠን ቴንዲኖ 503.385ሚ/ቶንእንትኾን ብዝተፈላለየ ዕለት ካብቲ ዝፀደቐ መጠን ቴንዲኖ ከምመተባበዒ ድጋፍ ተፃሒፍሉ ወሲዱ ኢዩ
  - ዕለት2/05/07 ቁፅሪ 463/ ኢን/ዓድ 4-49-1/40   503.513ሚ/ቶን
  - ዕለት24/02/08 ቁፅሪ 2226/ ኢን/ዓድ 4-49-1/40 300ሚ/ቶን(300ሕልፊ) ወይ 59.55% ሕልፊ ወሲዱ ኢዩ፡፡
- ሃ/ስላሴ ኣረጋዊ ሓጎስ ው/ሆ/058
  - ዕለት21/08/07 ቁፅሪ 424/ ውቕ 4-49-1/40 = 328.81ሚ/ቶን
  - ዕለት14/05/07 ቁፅሪ 308/ ውቕ- 4-49-1/40= 318 ሚ/ቶን ብጠቕላላ 647.51ሚ/ቶን ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ዝተውሃበ እንትኾን ብመሃንድስ/ኮንሰልታንት ዝተሰርሐ ስፔስፊኬሽን/ቢል ኦፍ ኳንቲቲ

634.65ሜ/ቶን ስለዚ 12.86 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ሕልፊ ካብ ቀረፅ ነፃ ክፍቀደሉ ድጋፍ ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡

- ኣለም ኣብርሃ ኣፅብሃ ሆ/መቐ/1649/07 ብዕለት10/07/07 ቑፅሪ 584 መቐ4-49-1/40 ድጋፍ ዝተፅሓፈሉ መጠን ቴንዲኖ 456.325 ሜ/ቶን ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ዝተውሃበ እንትኾን ብመሃንድስ/ኮንሰልታንት ዝተሰርሐ ስፔስፊኬሽን/ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ድማ ጠቕላላ ቴንዲኖ 688.287 ኢዩ ነይሩ፡፡ኮይኑ ግና ካብ ፌዴራል በዓል መዚ እቶት መጋቢት 23/2007 ኣታዊ ዝገበሮን ብቕዳሕ ንክልልንቨስትመንት ዘፍለጦ መጠን ቴንዲኖ 990.500 ሜ/ቶን ስለዚ ብል/ከ/ን/ኢ.ን ካብ ዝፀደቐ 302.213 ሜትሪክ ቶን ሕልፊ ወይ ብሚኢታዊ 66.22% ወሲዱ ኢዩ፡፡ ብክልል ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ካብ ዝተልኣኸ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ድማ 334.185 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ሕልፊ ወይ 48.55% ሕልፊ ካብ ቀረፅ ነፃ ክፍቀደሉ ተገይሩ ኢዩ፡፡
- ተስፋይ ንጉሰ ኣራጋው ዕለት21/09/99 ቑፅሪኢ.ን-ሆ/2001 ብመሃንድስ/ኮንሳልታት ዝሰርሐሉ/ዝፀደቐሉ መጠን ቴንዲኖ 444.986 ሜትሪክ ቶን እንትኾን ብክልል ኢንቨስትመንት ንፌደራል ዝተፅሓፈሉ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ግና 455.786ሜ/ቶን (10.8ሜ/ቶን ሕልፊ) ብሚኢታዊ 2.4% ክፍቀደሉ ተፃሒፉ ኢዩ፡፡
- ወ/ሮ ኣምለሰት የማነ ይሕደጎ ቑፅሪ 1/118/ኢ.ንቨ-30 ኣብ ዓድዋ ከተማ ብሆቴል ዘርፍ ብመሃንዲስ/ኮንሳልታንትን በቲ ቤት ፅሕፈት ብልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን መጠን ቴንዲኖ 930 ሜ/ቶን እንተኾን ኣታዊ ንክገብር ዝተፅሓፈሉ መጠን ቴንዲኖ እንትንርኢ
    - ዕለት17/10/05 ቑፅሪ556/ኢ.ን 4-4-491/25=519.689 ሜ/ቶን
    - ዕለት02/7/07 ቑፅሪ556/ኢ.ን 4-4-491/25=266.00 ሜ/ቶን
    - ዕለት04/01/08 ቑፅሪ2022/ኢ.ን 4-4-491/25=294 ሜ/ቶን ብጠቕላላ 1079.689 ሜ/ቶን ስለዚ 149.689ሜ/ቶን ወይ16.13 % ሕልፊ ድጋፍ ተፃሐፍሎም ኢዩ
- ኣቶ ዘርኣይ ብርሃነ ደስታ ው/ሆ-053/04 ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ.ን ከተማ ውቕሮ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት 19/07/05 ቁፅሪ303/ኢ.ን-01/05 በዝፀሓፎ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ መሰረት እቲ ብዓል ሃብቲ መጀመርታ መሊኡ ዘቕረቦ መጠን ቴንዲኖ 395.218ሜ/ቶን ኢዩ ነይሩ፡፡

ኮይኑ ግና እቲ ብወረዳ ውቅሮ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ኣብ ቅጥዒ ተመሊኡ ዝተለኣኸ መጠን ቴንዲኖ ብናይ ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ኪኢላ ነቲ ዝተመልአ መጠን ሰሪዙ ካብቲ ዝተልኣኸ መጠን ቴንዲኖ ንላዕሊ ማለት'ውን 20/07/05 እቲ ክልል ኢንቨስትመንት 794.743 ሜ/ቶን(399.25ሜ/ቶንሕልፊ) ብምግባር ክልኣኸ ተገይሩ ኢዩ፡፡

ብተወሳኺ እቲ በዓል ሃብቲ ቅድም ኢሉ ዝወሰዶ ኣብ ጥቅሚ ምውዓሉን ዘይምውዓሉን ከይተረጋገፀ ብ14/12/07 ቑፅሪ1028/ኢን-ውቅ-4-49-1/40 እቲ 395.41ሜ/ቶን እንተዘይተጠቀምሉ ኣፃሪኹም ሃብዎም ኢሎም ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ንፌደራል በዓልመዚ እቶት ዝተፅሓፍሉ እንትኾን ናይቲ ወረዳ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት መተባበዒ ንክወሃቦ ከይፀሓፈን ብቑፅሪ 05/11/07 ቁፅሪ529/ኢን-4-49-1/40 ተፈቒድሉ፡፡

**ሳዕቤን ድማ፡**

- በቲ ወረዳ/ከተማ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ከይፀደቖ ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣሰሪሑም ዘቕርብዎ ወይ ባዕሎም መለኦም ዘቕረብዎ መጠን ቴንዲኖ ንላዕሊ እቲ ናይ ክልል ም/ኢንቨስትመንት ኪኢላ ቕቡል ገይሩ ሕልፊ ካብ ቀረፅ ነፃ መተባበዒ ኣታዊ ክኸውን ድጋፍ ምፅሓፍ ኮነ ኢልካ ፍሉይ ጥቕሚ ንምርካብን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ዘኽፈተ ኣካይይዳ ኢዩ፡፡
- ኣብ ላዕሊ ብኣብነት ካብዝተገለፁ ኢንቨስተራት ብጠቕላላ 1164.012 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ብዘይኣግባብ ሕልፊ ብምውሳዶም መንግስቲ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ኣታዊ ክገብሮ ዝነበረ ገንዘብ ክስኣን ገይሩ

**መፍትሒ ሓሳብ:**

- ናይቲ ወረዳ/ከተማ ል/ከ/ን/ኢ.ን ወይ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት መተባበዒ ክፍቀደሉ ከይፀሓፈን ከይኣረጋገፆን ሰብሃብቲ/ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣሰሪሖም ኣብ ቕጥዒ መለኦም ዘቕርበዎ መጠን ቴንዲኖ/ እቲ ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት መተባበዒ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ክፀሓፈሉ ኣይግባእን ወይ ቕቡል ክግበር የብሉን
- እቶም ብዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ.ን ከይረጋገፆን ከይፅደቖን መጠን ቴንዲኖ ብዘይኣግባብ ቕቡል ብምግባርን ናብ ሓላፊ ብምቕራብ ዝተውሃበ በዝሒ ቴንዲኖ

ብመምርሒ መሰረት ቀረፅ ክኽፍሉ ክግበርን ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ዝፃሓፉ ውልቀ ሰራሕተኛታት ተመጣጣኒ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ይግባእ ንብል

## 4.2 ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ዘይፀደቐ መጠን ቴንዲኖ ቕቡል ብምግባር ድጋፍ ምሃብ

ኢንቨስተራት ናይ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ምስ ኣውፀኡ ንህንፀት ዘድልዩ ማተሪያላት ከም ቴንዲኖ፡ሴራሚክን ካልኦትን ንኢንቨስትመንት ዘድልዩ ናይ ካፒታል ኣቓሑትን ካልኦት ማሽነሪታትን ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ዘቕርብዎ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል/ቢዝነስ ፕላን መሰረት ብምግባር ስፔስፊኬሽንን ቢል ኦፍ ኳንቲቲን /Specifications and Bill of Quantity በቲ ወረዳ/ከተማ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ቀሪቡ ብህንፃ ሹም ይፀድቕ ፡፡ በቲ ቤት ፅሕፈት ብዝፀደቐ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ መሰረት ብምግባር ካብ ቀረፅ ነፃ ንክእትዉ ድጋፍ ደብዳቤ ክምዝፀሓፈሎም ዝስረሐሉ ዘሎ ከይዲ ኣሰራርሓ ኢዩ፡፡

ይኹን'ምበር እዚ ከይዲ ኣሰራርሓ ይጥሓስ ነይሩ ኢዩ ፡፡ እዚ ማለት እቲ ብኮንሰልታንት ተሰሪሑ ዝቐረበ መጠን ቴንዲኖ/ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ንልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ከይቐረበን ዝምልከቶ መሃንዲስ ከይፀደቐን ብዓልሃብቲ ኣብ ቕጥዒ መሊኡ/ፅሒፉ ዘቕረቦ መጠን ቴንዲኖ ቀጥታ ናይ ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት መፂኡ እንትሓተት ቕቡል ብምግባር ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትው ድጋፍ ይፅሕፍ ነይሩ፡፡ከምኣብነት

ሃለቃ ዘውዱ ካሕሱ ገ/ማሪያም ው/ሆ 050/2004 ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘውፅአ እንትኾን እዚ ውልቀ ብዓልሃብቲ ብኮንሰልታንት/ብመሃንዲስ ኣስሪሑ ዘቕረቦን ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንዱስትሪን/ህንፃ መሃንዲስ ዝፀደቐን ማህተም ዝተገበረሉን መጠን ቴንዲኖ 290.151 ሜ/ቶን ኢዩ ነይሩ፡፡

ይኹን'ምበር ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ብዝምልከቶ ከተማ/ወረዳ ልምዓት ከተማ፣ንግድን ኢንዱስትሪን ዘይፀደቐ ብኮንሰልታንት ጥራሕ ተሰሪሑ ዝቐረበ ቢልኦፍ ኳንቲቲ ወይ መጠን ቴንዲኖ 740.9 ሜ/ቶን ቕቡል ተገይሩ ኣብ ፋይሊ እቲ በዓል ሃብቲ ተቐሚጡ ይርከብ ክምኡውን ፡፡ናይ ል/ከ/ን/ኢ/ን ማህተም ዘይብሉ እቲ ብዓልሃብቲ ኣብ ቕጥዒ መሊኡን ፈሪሙን ዘቕረቦ መጠን ቴንዲኖ (540 ሜ/ቶን) እቲ ናይ ክልል ኪኢላ ግና ናይ ል/ከ/ን/ኢ.ማህተምውን ዘይብሉ ምኽኑ እናተፈልጠ በቲ በዓል ሃብቲ ጥራሕ ዝተመልአ ሕቶ መተባበዒ ቕጥዒ ብዘይኣግባብ ቕቡል ከምዝገበሮ ካብ ሰነድ ንምርዳእ ተኻኢሉ፡፡

በዚ መሰረት ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ኪኢላ ነቲ በዓልሃብቲ ብዕለት 14/11/06 ቑፅሪ 681/ኢን/ውቕ-4-49-1/25 ናብ ፌዴራል ብዓል መዚ እቶት ድጋፍ ዝፀሓፎ ደብዳቤ 540 ሜ/ቶን (249.85 ሜ/ቶን ወይ ብሚኢታዊ 86.110% ሕልፊ) ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡

**ሳዕቤን ድማ:**

- **መምርሒ ተጣሒሱ አዩ**
- **ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣስሪሖም ዘቕርብዎ ወይ ባዕሎም መሊኦም ዘቕረብዎ መጠን ቴንዲኖ ብልምዓት ከተማ፣ንግድን ኢንዱስትሪን ከይፀደቐን ናይቲ ቤት ፅሕፈት ማህተም ዘይብሉ ምኳኑ እናፈለጠ ቕቡል ገይሩ ካብ ቀረፅ ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ምፅሓፍ ኮነ ኢልካ ፍሉይ ጥቕሚ ንምርካብን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ዝኸፈተ ኢዩ፡፡**
- **እቲ ብዓል ሃፍቲ ሕልፊ ካብ ዝወሰዶ ቴንዲኖ** (249.85 **ሜ/ቶን ወይ ብሚኢታዊ** 86.110% ሕልፊ ክወስድ ድጋፍ ስለተፅሓፈሉ) **መንግስቲ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ኣታዊ ክገብሮ ዝነበረ ገንዘብ ክስእን ይገብር**

**መፍትሒ ሓሳብ:**

- ብከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት መተባበዒ ዝፍቀደሎም ኢንቨስተራት ብኮንሰልታንት ኣሰሪሖም ዘቕርበዎ መጠን ቴንዲኖ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስተሪን ተረጋጊፁን ማህተም ተገይርሉ እንተዘይቐሪቡ መተባበዒ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ነፃ ንክእትው ድጋፍ ክፀሓፈሉ ኣይግባእን ወይ ቕቡል ክግበር የብሉን
- ናይቲ ወረዳ/ከተማ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ/ን ህንፃ ሹም ከይረጋገፆን ከይፅደቕን መጠን ቴንዲኖ ብዘይ ኣግባብ ቕቡል ብምግባርን ናብ ሓላፊ ብምቕራብ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ዝፃሓፉ ውልቀ ሰራሕተኛታት ተመጣጣኒ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ይግባእ ንብል

## 5. ብቤት ፅሕፈትል/ከ/ን/ኢ/ን/ ወይ ከይዲ ሰራሕ ኢንቨስትመንት ከይተፈቐደሉ ናይ ህንፀት ኣቐሑት ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ምግባር

ኣብ ደንቢ ቑፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ 13/3 መሰረት "ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ማበረታቻ ተጠቃሚ የሆነ ባለሃብት ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ እንዲገቡ የሚፈልጋቸው የካፒታልና የግንባታ ዕቃዎች ዝርዝር ለሚመለከተው የኢንቨስትመንት ኣካል በቅድሚያ ማስፈቀድ ኣለበት "ኢሉ የቅምጥ

ኣብ ተግባር መፂኢኻ ገለ ገለ ኢንቨስተራት መጀመርታ እቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ክእትውዎ ዝደልዩ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ካብቲ ኢንቨስትመንት ዘውፅእሉ ወረዳ/ከተማ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢን ኢንቨስትመንት መተባበዒ ክወሃቦም ድጋፍ ደብዳቤ ከይተፅሓፈሎም ብቀጥታ ካብቲ ብኮንሳልታንት ተሰሪሑ ዝቐረበን ብዝምልከቶ ል/ከ/ን/ኢን ዝፀደቐ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ/ስፔስፊኬሽን መጠን ቴንዲኖ ንላዕሊ ወይ ተወሳኺ ኣታዊ ክገብር ደጋፍ ክውሃብ ይፍቀድ ከምዝነበረ ካብቲ ዝተርኣየ ሰነድ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ ከምኣብነት

- ኣቶ ገብረዮሃንስ ሐሸ እምባየ ዝተብሃሉ ብሆቴል ዘርፍ (ሆ/መቐ1480/06) ኣንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ዘውፀኡ ብኮንሳልታንት/መሃንድስ ዝፀደቐ መጠን ቴንዲኖ 400.650 ሜትሪክ ቶን ቴንዲኖ እንትኾን 06/05/07 ቁፅሪ289/ኢን-መቐ-4-49-1/40 ንፌዴራል እቶት ብዓል መዚ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ዝተፅሓፈ ኮይኑ እዚ ውልቀ በዓል ሃብቲ ብዕለት 29/09/07 ቑፅሪ 7.1-01/-91/07 502 ሜ/ቶን (102 ሜ/ቶን ሕልፊ) ኣታዊ ገይሩ ኢዩ፡፡
- ኣለም ኣብርሃ ኣፅብሃ ዝተብሃሉ ብሆቴል ዘርፍ (ሆ/መቐ1649/07) ኣንቨስትመንት ሰርቲፊኬት ዘውፀኡ ብኮንሳልታንት/መሃንድስ ዝፀደቐመጠን ቴንዲኖ ጠቕላላ 688.287 ሜትሪክ ቶን እንትኾን ብ10/07/07 ቁፅሪ 5894/ኢን-መቐ-4-49-1/40 መጠኑ 456.325 ሜ/ቶን ንፌዴራል እቶት ብዓል መዚ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ካብ ዝተፅሓፈ ንላዕሊ ወይ ሕልፊ 534.225 ሜ/ቶን (117%) ኣታዊ ገይሩ ኢዩ፡፡እዚ በዓል ሃብቲ ብዝምልከቶ ኣካል ድጋፍ ከይተፅሓፈሉ ካብቲ ብስፔስፊኬሽን ዝተገለፀ ንላዕሊ ብዕለት -- ቑፅሪ 7.1-01/-91/07 990.500 ሜ/ቶን (302 ሜ/ቶን ወይ(43.88%) ሕልፊ) ኣታዊ ገይሩ ኢዩ፡፡

ሳዕቤን ድማ፣

- ሰብ ሃብቲ ካብቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፅእሉ ከይዱ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት መተባበዒ ክወሃቦም ድጋፍ ደብዳቤ ከይተፅሓፈሎም ብቀጥታ ካብቲ ብኮንሳልታንት ተሰሪሑ ዝቐረበን ብዝምልከቶ ል/ከ/ን/ኢን ዝወፀን ዝፀደቐን ቢል ኦፍ ኳንቲቲ/ ስፔስፊኬሽን መጠን ቴንዲኖ ንላዕሊ ወይ ሕልፊ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ምፅሓፍ ወይ

ኣታዊ ዝኾነ ቕቡል ምግባርን ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍንን ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ኽፈቱ፡፡

- ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ዝተጠቐሱ ኢንቨስተራት ብዘይኣግባብ 404 ሜትሪክ ቶን ቴንዲኖ ካብቲ ዝተነፀረ መጠን ቴንዲኖ ንላዕሊ/ሕልፊ ክወስዱ ተፈቒድሎም ኢዩ፡፡

**መፍትሒ ሓሳብ:**

- ሰብ ሃብቲ መተባበዒ ክወሃቦም እንተመልክቱን ድጋፍ ደብዳቤ እንትፀሓፈሎም መጀመርታ ብደንቢ ቑፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ 13 መሰረት ናይቲ ወረዳ/ከተማ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ.ን/ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ዘፅደቐን መተባቢ ንክውሃቦ ዝተፅሓፈሉ ድጋፍ ደብዳቤ መሰረት ተገይሩ ክስረሓሉ እንተዝግበር
- ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ብኮንሰለታንት ተሰሪሑ ዝቐረበን ብዝምልከቶ ቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ.ን/ ወይ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ዘይፀደቐን መጠን ቴንዲኖ ቕቡል ገይሮም ኣረጋጊፀም ፈሪሞምን ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ካብ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ክኸውን ዝፀሓፉ ሰራሕተኛታት ተመጣጣኒ ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውስደሎም ይግባእ

## 6. ፍቓድ ኢንቨስትመንት ከይተሓደሰ መተባበዒ ክፍቀደሎም ድጋፍ ምፅሓፍ

ኣብ ኣዋጅ ኢንቨስትመንት ቑፅሪ 769/2004 ዓንቀፅ 17.1 ን 4ን መሰረት

1. "የኢንቨስመንት ፍቃድ ባለሃብቱ ምርቱን ወይ ኣገልግሎቱን ለገበያ ማቅረብ እስከሚጀምርበት ጊዜ ድረስ በየኣመቱ መታደስ ኣለበት"
2. የዚህ ኣንቀፅ ነ/ኣንቀፅ 1 ድንጋጌ ቢኖርም ማንኛውም ባለሃብት ኢንቨስትመንት ፍቓድ እስከ ወሰደበት ጊዜ ጀምሮ የፕሮጀክቱን ትግበራ ሳይጀምር ሁለት ዓመት ካለፈው ያለቅድመ ሁኔታ የኢንቨስትመንት ፍቃዱን ይሰረዛል" ይብል

ይኹን እምበር ሓደ ሓደ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ኣውፂኦም በቢዓመቱ ከየሀደሱን የፕሮጀክት ትግበራ ከይጀመሩን ንነዊሕ እዋን እንተፀንሐ'ውን ተኸታቲልኻ ኣብ ክንዲ በቲ መምርሒ መሰረት ፍቓዶም ከሕዱሱን ትግበራ ክጀምሩን ምግባር ብተፃራሪ ግቡኦም ከይፈፀሙ እናሃለዉ መተባበዒ ክፍቀደሎም ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሎም ከምዝነበረ ካብ ዝተረኸበ መረዳእታ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ ከምኣብነት

- ወ/ሮ ኪሮስ ግደይ ገብሩ ዝተብሃላ ብዕለት 19/10/04 ቑፅሪ 116/2004 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘወፅአ እንትኾና ድሕሪ 3 ዓመት ኢንቨስተመንት ፈቓደን ዘሐደሰት እንትኾን ብ18/01/08 ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት 578.5 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቀረፅ ናፃ ክውሃበን ተፃሐፍለን ኢዩ፡፡
- ዮርዳኖስ ካሳ ሰመሮ ብ22/04/03 ቑፅሪ ማጨ/095/ኢን10/03 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ካብ ዘውፀአሉ ዕለት ጀሚሩ 4 ዓመትን 8 ወርሕ እቲ ዝተውሃቦ መሬት ምልማዕ ከይጀመረን ኢንቨስትመንት ፍቓዱ ከየሀደሰን ፀነሑ ብ25/12/07 ንፌዴራል እቶት ብዓል መዚ 598.1ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ተፃሒፉ ኢዩ ፡
- ወ/ማሪያም ብርሃነ ኣባይ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘውፀአሉ 29/09/04 ቑፅሪ ው/ሆ 0149/2004 እንትኾን ብል/ከ/ን/ኢ. ብዕለት16/02/08 ንህንፀት ስራሕቲ ፍቓድ ኣውፂኡ ኢዩ፡፡ ስለዚ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ካብ ዝተወሰደሉ ዕለት ጀሚሩ ን3 ዓመትን ፈረቓን ፍቓድ ኢንቨስትመንት ከየሀደሰ ዝፀንሐ ኮይኑ ንህንፀት ካብ ቐረፅ ነፃ ቴንዲኖ ንክእትው ዝተፈቐደሉ 17/2/08 ቑፅሪ 2226/ ኢን-ውቕ-4-49-1/40 ኢዩ
- ንጉሰ ንርአ ገ/መድህን ኢን//ኢ.01/53 ብዕለት 23/02/02 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ካብ ዝወሰደሉ ዕለት ጀሚሩ ከይተሓደሰ 5 ዓመት ዝገበረ ኮይኑ 12/12/07 339 ሜትሪክ ቶን ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ተፃሒፍሉ ኢዩ ፡፡እዚ ብዓልሃብቲ መሬት ዝረኸበሉ ዕለት 3/09/04 እንትኾን ቅድሚ መሬት ምርካቡ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ከምዝወሰደ ኢዩ
- ሙሉነሽ ገ/ሚካል ገ/ሂዎት ብሆቴል ዘርፍ ኣብ መቐለ ክ/ከተማ ሓውልቲ በዓል ሓሙሽተ ኾኾብ ሆቴል ኢንቨስትመንት ንምክያድ ኣብ 2003 ዓ/ም ፍቓድ ዝውፀአት እንትኾን ካብ 2003 ዓ/ም ጀሚሩ 2417.2 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ኣታዊ ከምዝገበረትን ኢንቨስትመንት ፍቓድ ከምዘይሐደሰት ካብ ዝተረኸበ ሰነድ ንምግንዛብ ይክኣል፡፡

ሳዕቤን ድማ:

- ሰብ ሃብቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዘለዉ በቢዓመቱ ተኸታቲልኻ በቲ መምርሒ መሰረት ፍቓዶም ከሕዱሱን ፕሮጀክት ትግበራ ክጀምሩን ዘይምግባር ኣዋጅ ኢንቨስትመንት ቑፅሪ 769/2004 ዓንቀፅ 17.1 ን 4ን ክጥሓስ ተገይሩ
- ናይ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ሰራሕተኛታት ኢንቨስተራት ፍቓድ ኢንቨስትመንት ንነዊሕ እዋን ፍቓድ ከየሀደሱን ትገበራ ከይጀመሩን ንዝፀንሑ ሰብሃብቲ ተኸታቲልኻ ስጉምቲ ኣብ

ክንዲ ምውሳድ መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክግብሩ ድጋፍ ምፅሓፍ ኣግባብነት ዘይብሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ዝገብር

**መፍትሒ ሓሳብ:**

- ናይቲ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን እቶም ኢንቨስትመንት ፍቓድ ወሲዶም ፍቓዶም ከየህደሱን ፕሮጀክቶም ትግበራ ከይጀመሩን ንዝፀንሑ ሰብ ሃብቲ ብመምርሒ መሰረት ተኸታቲሎም ንምንታይ ጉቡእ ስጉምቲ ከምዘይወሰዱ ብዕሊ ተላዒሉ ክግምገምን ንቐፃሊ እዚ ኣሰራርሓ ከይድገም ክግበር ኣለዎ

## 7. ኣብ መምርሒ ፍቓድ ኮንስትራክሽን መዘርዝር ዘየለዉ/ዘይተኻተቱ ማሽነሪታት/ካፒታል ኣቑሑት ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክኾኑ ድጋፍ ምፅሓፍ

ብዕለት22/11/05 ቑፅሪ ከ/መ/ት 131/መ/994/05"Directives for registration of construction professionals and constructors"(june2013) ዝፀደቐ ንቤት ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገድን ትራንስፖርትን ዝተልኣኸ መምርሒ/ማኑዋል መሰረት ኣብቲ መምርሒስኬጁል5 ሓደ ኮንትራክተር ህንፃ ተቛራጭ(B/C) ዘድልዩ መሳሪሒታት/ማሽነሪታት ንደረጃ1ን2ን ጥራሕ ሕድሕዶም ሓንቲ ሎደር ዝፍቀድ ኮይኑ ንካልኦት ደረጃታት ህንፃ ኮንትራክተራት(3-10 ደረጃ) ዘለዎም ግና ሎደር ኣብ መዘርዝር ህንፃ ኮንትራክተር ኣይተቐመጠን ወይ ከምዘይፍቀደሉ ኢዩ፡፡

ይኹን'ምበር ኣብ ዝርዝር ህንፃ ተቛራጭ ኮንትራክተር ዘይተቐመጠን ዘየለን ዘይፍቀድን ምዃኑ ብግልፂ ተቐሚጡ እናሃለወ ኣብ ህንፃ ተቛራጭ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀኡ ንዝተፈላለዩ ኮንትራክተራት ሎደር ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክኸውን ድጋፍ ይፀሓፈሎም ከምዝነበረ ካብ ዝስዕቡ ኣብ መቐለ ብህንፃ ተቛራጭ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀኡ ሕድሕዶም ሓንቲ ሎደር ንክእትዉ ድጋፍ ዝተፅሓፈሎም ሰብሃብቲ ከምኣብነት ምርኣይ ይክኣል

- ቃልካ ኮንስትራክሽን ብ09/12/04
- ወልዱ ሃይሉ ውነህ ብ09/05/06
- መኣዛ ሃይሉ ብዕለት 15/01/06

- ኣቶ ኣታኽልቲ በላይ ፋንታ ኣብ 2006 ኮ/መቐ/ ብህንፃ ተቛራጭ ፍቓድ ዘውፀአ እንትኾን ክልተ ሎደራት ካብ ሱር ኮንስትራክሽን ካብ ቐረፅ ነፃ ክዛወራሉ ተገይሩ ኢዩ፡፡
- ዳንኤል ገ/ሄር ኣርኣያ ብ26/01/08 ሓንቲ ሎደር ዋጋ ብማእኸላይ 1,250,000 ኢዩ ፡፡
- ሃይሉ ገብሩ እምባየ መጀመርታ ብጠቕላላ ተቛራጭ ኢንቨስትመንት ሰርቲፍኬት እናሃለዎ ቕድም ክብል ካብቐረፅ ነፃ ዘእተዋ ሎደር ብዕለት 26/03/2007 ኢንቨስትመንት ሰርቲፍኬት ናብ ህንፃ ተቛራጭ ደረጃ 3 እንትቕይር ካብ መምርሒ ወፃኢ እታ ሎደር ክትዛወረሉ ተፈቒድሉ ኢዩ

ካልእ ንደረጃ 1 ኮንስትራክሽን ዝፍቀድ ዝለዓለ መጠን መኪና 75 ትራክ ዳምፐ ገልባጭ መኪና ወይ ገልባጭ መኪና እንትኾን ሱር ኮንስትራክኽን ግና 100 ተሽከርከርቲ/ ገልባጭ (25 ተሽከርከርቲ ሕልፊ) ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ንክኣትው ድጋፍ ደብዳቤ ተፃሒፊሉ ኢዩ፡፡

ካልእ ኣብ ህንፃ ኮንስትራክሽን ኢንቨስትመንት ዝተዋፈሩ ኢንቨስተራት ብመምርሒ ተሽከርከርቲ ቁፅሪ 4/2005 ምዕራፍ 6 ዓንቀፅ 3 ሰንጠረዥ 3 መሰረት ንኮንስትራክሽን ተቛራጭነት ካብ ቀረፅ ነፃ ዝፍቀዱ በዝሒ/መጠን ተሽከርከርቲ ካብ ደረጃ 4-10 ፍቓድ ዘውፀኡ ኮንትራክተራት ንሕድ ሕድ ብርኪ/ደረጃ ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ንክኸውን ከምዝፍቀድ ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ኣብ ተግባር መፂኢኻ ግና ከምኣብነት ዝተወሰዱ ዝተወሰኑ ሰብ ሃብቲ ክልተ ጊዜን ካብኡ ንላዕሊ ተሽከርከርቲ/ፒክ ኣፕ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ደጋፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሎም ከምዝበረ ካብ ሰነድ ንምግንዛብ ይክኣል ከምኣብነት

- ትራዴቭ ኮንስትራክሽን ሓ/የተ/የግ/ማሕበር ኣብ መቐለ ብመንገዲ ሰራሕቲ ተቛራጭ ካብ ወረዳ ብዕለት17/10/07 ብዝተፅሓፈሉ ደብዳቤ መሰረት ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ብዕለት 25/10/07 ቁፅሪ 797/ኢን/መቐ-4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ክእትው ተፈቒድሉ ኢዩ፡፡ እንደገና 24/10/07 ካብ ወረዳ ብዝተፅሓፈሉ ደብዳቤ መሰረት ብ25/10/07 ቑፅሪ 825/ኢን/መቐ-4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ነፃ ክወሃቦ ተፃሒፍሉኦዩ፡፡
- ሰርዶ ኮንስትራክኽን ዝተብሃለ ብህንፃ ተቛራጭ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ ኮንትራክተር

✓ ብዕለት 19/12/07 ቁፅሪ 1045/ኢ.ን/መቐ-4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ነፃ ክወሃቦ ተፃሒፍሉ ኢዩ እንደገና ብተመሳሳሊ ዕለትን ዝተፈላየ ቑፅርን ማለት’ውን ብዕለት 19/12/07 ቁፅሪ 1046/ኢ.ን/መቐ-4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቐረፅ ነፃ ክዕሓፈሎም ተገይሩ ኢዩ፡፡

**ሳዕቤን ድማ:**

- ኣብ መምርሒ ኮንስትራክሽን ንዝተፈላለዩ ኮንትራክተራት ማለት’ውን ህንፃ፣ መንገዲን ጠቕላላን ተቛራፂ ዝግበኦም ዓይነትን መጠንን ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ብግልፂ ተቐሚጡ እናሃለወ ምስቲ ክውሃቦም ዝግብኦ ዓይነትን በዝሒን ከይተነፃፀረን ከይተመሳኽረን ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ክፍቀደሎም ድጋፍ ምፅሓፍ ብግልፂ መምርሒ ከንስትራክሽንን ተሽከርከርቲን ቑፅሪ 4/2005 ምዕራፍ 6 ዓንቀፅ 3 ዝተቐመጢ ኣሰራርሓታት ዝጠሓሰ ኢዩ፡፡
- ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ዝተጠቐሱን ፍቓድ ኢንቨስትመንቶም ብህንፃ ተቛራፂ/B/C ከምዝኾነ እናትፈለጠ ብዘይኣግባብ ሎደር ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ክፍቀደሎም ድጋፍ ምፅሓፍ ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራረሓን በሪ ዝተቓለዐ ኢዩ
- መንግስቲ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ኣታዊ ክገብሮ ዝነበረ ናይተን 5 ሎደራት 6,250,000 ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ኣታዊ ክኸውን ዝነበሮ ሲኢኑ አዩ፣

## መፍትሒ ሓሳብ:

- ኣብ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ወይ ብህንፃ ተቛራፂ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ነፃ ንከኣትዉ ዝደልይዎም ናይ ኮንስትራክሽን ማሽነሪታን ተሽከርከርቲን ብፌዴራልን ክልል ትግራይን ብዕለት22/11/05 ቑፅሪ ኮ/መ/ት 131/መ/994/05”Directives for registration of construction professionals and constructors”(june2013) ዝፀደቐ ንኣብያተ ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገድን ትራንስፖርትን ዝተልኣኸ ናይ ኮንስትራክሽን መምርሒ/ማኑዋል መሰረት ብምግባር ክፍቀደሎምን ንቐፃሊ በዚ መሰረት ክስረሐሉን ንሕብር
- ኣብ ስራሕቲ ኮንስትራክሽን ወይ ህንፃ ተቛራፂ ኢንቨስተመንት ፍቓድ ዘውፅኡ ኮንትራክተራት መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ንክረኽቡ ድጋፍ ደብዳቤ እንትፀሓፈሎም

ብመሰረት መምርሒ ተሸከርከርቲ ቁፅሪ 4/2005 ምዕራፍ 6 ዝተቐመጠ ክፍቀደሎም ይግባእ

- ኣብ መምርሒ ኮንስትራክሽን ንዝተፈላለዩ ኮንትራክተራት ማለት'ውን ህንፃ ፣ መንገዲን ጠቕላላን ተቛራፂ ዝግበኦም ዓይነትን መጠንን ማሽነሪታትን ተሸከርከርትን ብግልፂ ተቐሚጡ እናሃለወ ምስቲ ክውሃቦም ዝግብኦ ዓይነት ከይኣናፃፀሩን ከይኣማሳሽሩን ካብ መምርሒ ወፃእ ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ክፍቀደሎም ድጋፍ ክፅሓፈሎም ዝገበሩ በቢደረጃኡ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ንቐፃሊ ከይድገም ብዕሊ ተላዒሉ ክግምገምን ብዓል ዋና ተፈልዩ ውሳነ ከዓርፈሉን ንመክር ፡፡

8. **ብባህልን ቱሪዙምን ከይተረጋገፀ ተሸከርከርቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ደብዳቤ ምፅሓፍ**

ኣብ መምርሒ 4/2005 ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ1" የኮኮብ ደረጃ ባለ ሆቴል ሪዞርት ሆቴልን ጨምሮ የሞቴልና ሬስቱራንት ወይም የሎጅ ኣገልግሎት የሚሰማራ ማንኛውም ባለሃብት የባህልና ቱሪዝም የሚያወጣውን መስፈርት መሰረት በማድረግ ከጉምሩክ ቀረጥ ነፃ ተሽከርካሪዎችን ማስገባት ይችላል" በዚ መሰረት 1-2 ኾኾብ ደረጃ ዘለዎም ሓንቲ ፒክ ካብ 3 ንላዕሊ ኮኮብ ደረጃ ዘወዎም ድማ ክልተ ፒክ ከምዝፍቀድን ተቐሚጡ ይርከብ፡፡

ይኹንምበር እቶም ኣብ ሆቴል ኢንቨስትመንት ዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ ብባህልን ቱሪዝምን ዝውፅእ መስፈርት ዘማልኡ ምዃኖምን ዘይምዃኖም ካብ ዝምልከቶ ክልል ቢሮ ባህልን ቱሪዙምን መረዳእታ ከይቐረቡ ፒክ ኣፕ መኪና ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ይፍቀደሎም ከምዝነበረ ካብ ዝተረኸበ ሰነድ ምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ኣብዚ ዝተወሰኑ ሰብ ሃብቲ ካብ ባህልን ቱሪዝምን ድጋፍ ዘምፅኡ ድጋፍ ዝተፅሓፈሎም እንተኾኑ ገሊኦም ድማ ካብ ዝምልከቶ ባህልን ቱሪዝምን ናይቲ በዓልሃብቲ ናይቲ ሆቴል ዘለዎ ደረጃ ኾኾብ ከይተነፀረ ብቀጥታ ዝፀሓፈሎም ነይሩ ኢዩ፡ ከምኣብነት ፣ መብዛሕቶም ሰብ ሃብቲ ፒክ ኣፕ ኣታዊ እንትገብሩ ካብ ባህልን ቱሪዝምን ድጋፍ ከየምፅኡ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ይገበሩ ከምዝነበሩን ንምግንዛብ ተኻኢሉ፡፡

- ይርሳው ደምስስ ዝተበሃለ ብዓልሃብቲ ደረጃ ኾኾብ ብባህልን ቱሪዝምን ከይተነፀረሉ ብዕለት 1/11/2007 ፒክኣፕ ንከእትው ድጋፍ ተፃሒፍሉ
- ድራር ገ/ዮሃንስ ሃይለ ካብ ባህልን ቱሪዝምን ደጋፍ ከይተፀሓፈሉ 18/07/007 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ኢዩ

- ሃለቃ ረዳ ግርማይ ለማ ብዕለት 9/11/07 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ገይሩ

ከም ሳባ ኢትዮፒክ ሪዞርት ሓ/የተ/የግ/ማህበር ካብ ባህልን ቱሪዝምን ድጋፍ ኣምፂኡ ብዕለት 21/07/007 ሓንቲ ፒክ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡

**ሳዕቤኑ ድማ:**

- ዝተፈላለየ ደረጃ ዘለዎም ሆቴላት ዘለዎም ስታንዳርድ ናይቲ ሆቴል ደረጃ ኽኾብ ከማልእዎ ዝግባእ ረቑሓ ብቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ከይተረጋገፀ በዓልሃብቲ ክንዲዚ ኽኾብ ደረጃ ኣለኒ ኢሉ ብዘውፀኦ ፍቓድ ኢንቨስትመንት እቲ ክይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ቕቡል ገይሩ ተሽከርከርቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክግብሩ ድጋፍ ምፅሓፍ መምርሒ ክጥሓስን ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ይገብር

**መፍትሒ ሓሳብ**

ኣብ ሆቴል ኢንቨስትመንት ዝተዋፈሩን ፒክ ኣፕ ካብ ቐረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ እንትመልከቱ ኣብ መምርሒ ተሽከርከርቲ ቁፅሪ 4/2005 ዓንቀፅ 7 ንኡስ ዓንቀፅ1 መሰረት ናይ ኽኾብነት ረቑሓ ዘማለኡ ምዃኖም ብምርግጋፅ ክውሃቦም ይግባእ

**9. ብዘይኣግባብ ናይ ካፒታል ኣቑሑት/ተሽከረካሪ ዝውውር ክግበር ድጋፍ ምሃብ**

ብደንቢ ቁፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ15 ንኡስ ዓንፅ 1ን 2ን መሰረት ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ኣታዊ ዝኾነ ተሽከረካሪ ወይ ካልኦት ናይ ካፒታል ኣቑሑት እንትመሓላለፍ ንተመሳሳሊ መሰል ዘለዎ ወይ ድማ ኣድላይ ጉምሩክ ቀረፅ ተኸፊልሉ ናብ ካልእ ሰብ ክዛወር ከምዝግባእ ተቀሚጡ ይርከብ

ኣብ መምርሒ ተሽከርከርቲ ሰንጠረዥ ቑፅሪ 11.7 "የወፍጮ ድንጋይ ብርጭቆ ወረቐት ምርቶች ማምረት" ዝተዋፈረ ብዓል ሃብቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ከእትው ዝፍቐደሉ ዓይነትን ብዝሕን ሓንቲ ተሽከርካሪት/ ናይ ፅዕነት መኪና ከምዝኾነት ተቐሚጡ ኣሎ፡፡

ኣብ ተግባር መፂኢኻ ግና ኣውራ ክይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት ብመምርሒ መሰረት ሓንቲ ተሽከርካሪት ክትዛወር እንዳተገበአ ክልተ ተሽከርከርቲ ክዛወሩ ድጋፍ ተፃሒፉ ፡እታ ሓንቲ ተሽከረካሪት ኣድላይ ናይ ጉምሩክ ቀረፅ ከፊሉ ክዛውር እንደተገበአ እቲ በዓልሃብቲ

እታ ኣብ ላዕሊ ዘላ ተሸከርካሪት ኣዛዊሩ ንክጥቀም ንኤጀንሲ ማዕድንን ኢነርጂን ንክትዛወረሉ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ተፃሒፉሉ፡፡

እቲ ጉጂለ መፅናዕቲ ንምንታይ ካብ ቀረፅ ናፃ ክዛወሩ ከምዝፈቐደሎም ንእቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሰራሕተኛታት ተሓቲቶም እንትምልሱ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክኾኑ ዝውውር ንሕና ኣይንፈቅድን ዝብል ኢዩ ኮይኑ ግና ንክዛወሩ ድጋፍ ደብዳቤ ከምዝፅሕፉ ኢዮም ካብቲ ሰነድ ንምግንዛብ ተኻኢሉ፡፡

- ኣቶ ፍፁም ኣለማየሁ ኣረቂ ዝተብሃለ ብማሽነሪ ክራይ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበረን 2 ሲኖ ትራክ መኪና እታ ሓንቲ ክትዛወር እንዳተገበአ ክልተኤን ናብ ክሬሸር/እምኒ መጥሓን ክዛወራሉ ብዝሓተቶ መሰረት ክዛወራሉ ንዝምልከቶ ኣካል ክዛወራሉ ድጋፍ ተፃሒፍሉ ኢዩ

**ሳዕቤኑ ድማ:-**

- መምርሒ ተጣሒሱ
- እቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ተሽከርከርቲ ንክዛወራ ንዝምልከቶ ኣካል ናይ ደጋፍ ደብዳቤ እንትፅሕፍ መሰል መተባበዒ ዘይብሎም እንተኾይኖም ቀረጥ ከፊሎም ክዛውሩ ከምዝግበኦም ሓቢሩ ድጋፍ ደብዳቤ ስለዘይፅሕፍ መንግስቲ ካብ ቀረፅ ክረኽቦ ዝነበረ ኣታዊ ክስእን ዝገብር ኢዩ

**መፍትሒ ሓሳብ**

- ኣውራ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስተመንት ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝኾኑ ተሽከርከርቲ ይኹን ካልኦት ናይ ካፒታል ኣቑሑት ናብ ካልእ ንክዛወሩ ድጋፍ ደብዳቤ እንትፅሕፍ ብደንቢ ቁፅሪ 270/2005 ዓንቀፅ15 ንኡስ ዓንፅ 1ን 2ን መሰረት ንተመሳሳሊ መሰል ዘለዎ ክዛወሩ መሰል ዘይብሉ እንተኾይኑ ድማ ኣድላይ ጉምሩክ ቀረፅ ተኸፊልሉ ክዛወር ከምዝግባእ ተሓቢሩ ክፅሓፍ ንመክር

## 10. ኣብ ሕሉፍ ዓመታት መተባበዒ ዝተፈቐደሎም ኢንቨስተራት ብፌደራል ፀረሙስና ኮሚሽን ንክልል ኢንቨስትመንት ክፃረ ዝተልኣኸ ከይተፃረየ ዳግም ድጋፍ ምፅሓፍ

ኣብ ላዕሊ ናይ ፌዴራል ፀረ-ሙሰና ኮሚሽን ብዕለት 10/3/007 ቁፅሪ42-4/መከ-መ/4/07 ንትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ቢሮ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን

ንኣውራ ከይዲ ስራሕ ኢንቨስትመንት ብዝተለኣኸ ደብዳቤ መሰረት ኣብ ሰራሕቲ ሆቴል ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም ብዝተፈላለየ እዋን ናይ ህንፀት ኣቐሑት ወሲዶም ብምንባሮም ቕድም ኢሎም ዝወሰድዎ መተባበዒ ኣብ ዝተዓለመሉ ዕላማ ዝወዓለ ምኻኑን፣ህንፀቶም ዘጠናቐቁን ዘይኣጠናቐቁንን ክፃረ ከምዘለዎ ዝተሓበረ ተሓቢሩ ነይሩ፡፡

በዚ መሰረት እቲ መፅናዕቲ ጉጅለ ናይቲ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስተመንት ሓላፍን ካልኦት ኪኢላታትን እዞም ስም ዝርዝሮም ካብ ፌዴራል ፀረ-ሙስና ኮሚሽን ክፃረ ዝተልኣኹ ሰብሃብቲ ሓዚ ከመይ ከምዘለዉ ኩነታት ተሓቲቶም እንትምልሱ ናይቲ ኢንቨስት ዝገበሮ/ ህንፀት ሆቴል ዝበፅሕዎ ብርኪ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዘሎ እስካብ ዝፍለጥን ዝፃረን መተባበዒ ከምዘይፀሓፈሎም፣ ንጊዜኡ እስካብ ዝፃረ መተባበዒ ከይውሃቡ ከምዝተኸልከሉ ካብ ዘሃብዎ ሓበሬታ ንምርዳእ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

ኮይኑ ግና ቕድም ክብል ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቐሑት ከይተፃረየን እቲ ፕሮጀክት ህንፀቱ ኣብ ምንተይ ብርኪ ከምዝርከብ ከይተፈለጠን ንገሊኦም ቕድም ክብል ዝወሰድዎ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ስለዘይተረጋገጠ ንህንፀት ዘድልዮም ቀረፅ ከፌሎም ኣታዊ ክገብሩ ዝተፅሓፈሎም እንትኾን ንገሊኦም ድማ ተወሳኺ መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ደብዳቤ ተፃሒፍሎም ኢዩ ከምኣብነት

- ሃይለስለሴ ደበሱ ተስፋይ ኣፅቢ-ሆ/131/07 ብዕለት 13/12/07 ካበ ቀረፅ ነፃ ከኣትው ዝተልኣኸ ቴንዲኖ ብዝሒ 653.20 ሜ/ቶን ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡
- ኣረጋዊ ገብረመድህን ኣለማዮህ ው-ሆ/1-12/03 ብዕለት 25/07/07ቁፅሪ-- ካብ ቀረፅ ነፃ ከኣትው ንፌዴራል እቶት ብዓል መዚ ዝተልኣኸ ቴንዲኖ ብዝሒ 650.76ሜ/ቶን ኣታዊ ክገብር ድጋፍ ተፃሒፍሉኢዩ፡፡
- ተኸለ ትኩእ ሆቴል ዘርፍ/233/ኢንቨ-30 ብዕለት13/08/07 ቁፅሪ 651/ኢን/ዓድዋ ካብ ቀረፅ ነፃ ከኣትው ንፌዴራል እቶት ብዓል መዚ ድጋፍ ደብዳቤ ዝተልኣኸ ቴንዲኖ ብዝሒ 401.953 ሜ/ቶን ተላኢኹ ኢዩ፡፡

  ብኣንፃሩ ግና ኣክሊሉ ኣባይ ሓጎስ ሆ/ው/025/03 ዝተብሃሉ ብዓል ሃብቲ ብዕለት 04/07/07 ቕድም ክብል ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበሩ እንትኾኑ ካብ ቀረፅ ናፃ ቴንዲኖ ከምዝሓተቱን ብፌዴራል ፀረሙስና ኮሚሽን ዝተልኣኸ ደብዳቤ እስካብ ዝፃረ 210

ሜ/ቶን ቀረፅ ከፊሎም ኣታዊ ክገበሩ ብዝብል ብኣውራ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፍሎም ኢዩ፡፡

ሳዕቤኑ ድማ:

- ሰብሃብቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም ቅድም ክብል ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ኣብቲ ህንፀት ፕሮጀክት ወይ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉን እስካብ ዝረጋገፅ መተባበዒ ንጊዜኡ ነቶም ብፌዴራል ፀረሙስና ኮሚሽን ብዝተልኣኸ ደብዳቤ ህንፀቱ ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዝርከብ ተፃሪዩ ክልኣኽሎም ዝተነፀሩ 68 ሰብሃብቲ ድጋፍ ከይፀሓፈሎም ከምዝተኸልኸለ በቲ ከይዲ ስራሕ ሓለፍቲን ኪኢላታትን እንተተገለፀውን ነዚ ብምጥሓስ ይውሃብ ስለዝነበረ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ዝተቓለዐ ኢዩ፡፡
- እዚ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስ/ኢንቨስትመንት ንገሊኦም ሰብሃብቲ ቅድም ክብል ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ስለዘይተረጋገጠ ብዝብል ቀረፅ ከፊሎም ኣታዊ ክገብሩ ንገሊኦም ድማ መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ደብዳቤ ምፅሓፍ ኣብ መንጎ ሰብሃብቲ ኣድልዎ ዝፈጥር ጥራይ ዘይኮነስ ፍሉይ ረብሓ ንምርካብ ንምድርዳር ዝጥዕም ኣከያይዳ ኢዩ፡፡

መፍትሒ ሓሳብ:

- እዚ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍፋሕ ኢንቨስትመንት ብፌዴራል ፀረ-ሙሰና ኮሚሽን ክፃረ ኢሉ ካብ ዝልኣኾም ዝርዝር ሰብሃብቲ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ ስለዘይተረጋገጠ መተባበዒ ደጋፍ ከይሃቦም ተባሂሉ ብዝምልከቶም ሓለፍቲ ተኣጊዱ እናሃለወ ንገሊኦም ድማ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ደብዳቤ ምፅሓፍ ንገሊኦም ከይውሃቡ ዝኸልከሉ ሰራሕተኛታት ምምሕዳራዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም ይግባእ፡፡

## 11 ኢንቨስተራት ዝተፈቐደሎም መተባበዒ ክትትልን ቁፅፅርን ዘይምክያድ

ኢንቨስትመንት ኣዋጅ ቁፅሪ 769/004 ዓንቀፅ 27/"ኢንቨስትመንት ኣስተዳደር ኣካላት ኤጀንስውና በክልሎች የሚወሰኑ የኢንቨስትመንት ኣካላት ያጠቃላል"ይብል

ብተወሳኺ ተመሓይሹ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 849/2006 ዓንቀፅ 27 ድማ ኢንቨስትመንት ኣስተዳደር ኣካላት የኢንቨስትመንት ቦርድ፣ኮሚሽንና በክልል ሀጎች የሚወሰኑ የክልል የኢንቨስትመንት ኣካላት ያጠቃልላል"ይብል

በዚ መሰረት ናይ ኢንቨስትመንት ኣካላት ማለት'ውን ኣብ ዓንቀፅ 28 ስልጣንን ተግባርን ኣብ ዝብል ንኡስ ዓንቀፅ 11" የኢንቨስትመንት ፍቃድ የሰጣቸውን ባለሃብቶች የኢንቨስትመንት ፕሮጀክቶች ኣፈፃፀም ይከታተላል፣ኢንቨስትመንት የያዛቸው ሁኔታዎች መከበራቸውንና ማበራታቻዎች ለታለመላቸው ዓላማዎች መዋላቸውን ያረጋግጣል"ይብል

ከምኡውን ብቢሮ ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንዱስትሪን ብኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ዝወፅአ መምርሒ ዓንቀፅ 5 ስራሕን ሓላፍነትን ኣውራ ከይዲ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ኣብ ዝብል ቁፅሪ1/ሰ መሰረት ሰብሃብቲ በቲ ቀዲሞም ዝኣተውዎ ውዕሊ ብመሰረት ቢዚነስ ፕላን ይኽይድ ምህላው ዝተውሃቦ መተባበዒ ንዝተዓለመሉ ዒላማ ምውዓሉ ይከታተልን ይቖፃፀርን ኢሉ የቕምጥ፡፡

ኣብ ተግባር መሚኢኻ ግና ሰብሃብቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ተፈቒድሎም ተዓዲጎም ኣታዊ ዝኾኑ ናይ ሀንፀት ካፒታልን ኣቑሑት ኣብ ዝተዓለመሎም ዕላማ ዝወዓሉ ምዃኖም ኣይረጋገፁን፣ ክትትልን ቁፅፅርን ከምዘይግበርን ብውዕሎም መሰረት ይሰርሑ ምህላዎም ዝግበር ክትትል ክንዲትዝድለ ከምዘይኮነ ካብ ሰነድን ካብ ክልልን ወረዳን ቃለ መሕትት ዝተገበረሎም ውልቀ ሰራሕተኛታት ዝተውሃበ ሓበሬታ ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

እቶም ካብ ቀረፅ ናፃ ዝኣተዉ መተባበዒታት ኣብ ዝተዓለመሎም ዕላማ ንክውዕሉ ንምርግጋፅ ንምንታይ ክትትልን ቁፅፅርን ዘይግበረሉ ኢሉ እቲ መፅናዕቲ ጉጅለ ንዝምልከቶም ሰራሕተኛታትን ሓለፍትን ብዝቐረበ ሕቶ መሰረት እንትምልሱ

- ንበዓልሃብቲ መተባበዒ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ንምግባር ሕቶ እንትቐርብ መጀመርታ እቲ ቢልኦፍ ኳንቲቲ/ስፔስፊኬሽንን ብኮንሳልታንት ይስራሕ ቐፂሉ ንቤ/ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢ

ቐሪቡ ብህንፃ መሃንዲስ ክፀድቕ ብምግባር ወረዳ/ከተማ ንከይዲ ስራሕ ፅሕፈት ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ምስቐረበ ናይ ምህንድስና ሙያ ዘለዎ ኪኢላ ስለዘይብሉ ብፕላንን ዲዛይንን መሰረት ዝተሰርሐ ምኳኑ ከየረጋገፀ ብቐጥታ ቕቡል ብምግባር ንክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትን ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ዝፅሓፍ ኮይኑ ብምቕፃል ንፌደራል በዓልመዚ እቶት ካብ ምልኣኽ ሓሊፉ እቲ መተባበዒ ኣብዝተዓለመሉ ዕላማ ምውዓሉ ሓላፍነት ወሲዱ ዘረጋግፅን በኡ መሰረት ድማ ግቡእ ቑፅፅርን ክትትልን ከምዘይግበር ዝምልከቶም ሓለፍቲን ሰራሕተኛታትን ገሊፆም ኢዮም፡፡

- ካልእ ኣብ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ዝሰርሑ ኪኢላታት እንትምልሱ እቲ ካብ ቀረፅ ናፃ ዝኣተወ መተባበዒን ኣብ ዝተዓለመሉ ዕላማ ንምውዓሉ ምርግጋፅ፣ ምክትታልን ምቑፅፃርን ዝምልከቶ ንበዓልመዚ እቶት ከምዝኾነን ናይ ከይዲ ስራሕ ም/ኢንቨስትመንት ከምዘይኮን ሓቢሮም ኢዮም ፡፡
- ብሓለፍቲ ቤ/ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ዝተውሃበ ሐሳብ ድማ ናይ ሓይሊሰብን ሙያን/መሃንዲስ ሕፅረትን ስለዘሎ በቲ ዲዛይንን ፕላንን ክንደይ ኣታዊ ከምዝተገበረን ኣብ ጥቕሚ ከምዝወዓለን ንምርግጋፅን ንምቑፅፃርን ከምዘሸግሮም ዝገለፁ እንትኾኑ ገሊኦም ድማ ኣብ መንጎ ል/ከ/ን/ኢ.ን ፣ በዓልመዚ እቶት፣ ክልልን ወረዳን ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ዘይምንባብ ከምዘሎን ብፍላይ እቲ በዓልሃብቲ ብዘይቐረፅ ንክእተዎም ድጋፍ ዝተፅሓፈሎም ናይ ህንፀትን፣ካፒታል ኣቑሑትን ማሽነሪታትን ምእታዉን ዘይምእታዉን ብዕሊ ስለዘይፍለጥ ወይ ንዝምልከቶም ኣካላት ብቕዳሕ ክፈልጥዎ ስለዘይግበር ንምርጋፅን ንምቑፅፃርን ኣፀጋሚ ከምዝኾነ ሓቢሮም ኢዮም፡፡

እቲ መፅናዕቲ ጉጅለ ኣብ ቢሮ ልምዓት ከተማ ንግድን ኢንዱስትሪን ዝተካየደ መፅናዕቲ ናብ ባይታ ከይዲኻ ስራሕቲ ኢንቨስትመንት ኣብ ዝካየደሎም ዝተፈላለዩ ቦታት ኣብ ውቕሮ፣ክልተኣውላዕሎ፣መቐለን መርኣያ ብምሳድኢንቨስተራት ብዝተውሃቦም/ዝተፈቐደሎም ናይ ኢንቨስትመንት መሬትን ካልኦት መተባበዒታትን ብግቡእ ናብ ልምዓት ዝኣተዉ ዘለዉ ምኻኖምን ፣ በቲ ዝተውሃቦም ጊዜ ሰሌዳ ዝሰርሑ ዘለዉ ንምኻኖም፣ እተን ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ዝኣተዉ ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን ኣብምንታይ ብርኪ ከምዘለዉ ንምርግጋፅ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ካብቶም ብመርኣያ ዝተወሰዱ ቦታት ህንፃታትን ፋቢሪካታትን ዘለውዎ ብርኪ፡ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን ከም ኣብነት እንትንርኢ

❖ ኣብ ሆቴልን ማኒፋክቸሪንግ/ፋብሪካን ዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ

- ግርማይ ካሕሳይ አርኣያ ዝተብሃለ ብሆቴል ዘርፍ ዕለት 15/044/05 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ እንትኾን ዕለት13/04/07 ቍፅሪ 232 /ኢ-ው'ቅ4-49-1/49 400 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ክኣትው ዝተፈቐደ እንትኾን እስካብ ምፅናዕቲ ዝጠናቐቐሉ ከምዘይጀመረን ኣብቕድመ ምድላው ከምዘሎን
- የማነ ግደይ ዝተብሃለ ብሆቴል ዘርፍ ዕለት 2/02/05 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ እንትኾን ዕለት13/04/07 ቍፅሪ 232/ኢ-ው'ቅ4-49-1/49 400 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ክኣትው ዝተፈቐደ እንትኾን እስካብ መፅናዕቲ ዝጠናቐቐሉ ንኣርባዕተ ዓመት ዝኣክል ህንፀት ከምዘይጀመረን ኣብ ቕድመ ምድላው ከምዘሎን ካብ ዝተገበረ ዑደት ንምርዳእ ተኻኢሉ
- መሓሪ ኣብርሃ በርሀ ዝተብሃለ ኣብ ሓይቂ መስሓል ብመዓር መፃረይ ፋብሪካ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀ እንትኾን ብዝተፈላለየ ጊዜ 836 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበረ ኮይኑ እቲ ሰሪሕዎ ዘሎ ስራሕን ዝወሰዶ ቴንዲኖን ዘይምጥጣን ምኺኑ
- ኣቶ ግርማይ ሃይሉ  ዝተብሃለ ብዓልሃብቲ ብዓል 5 ኾኸብ ሆቴል ኣብ ከባቢ ክልተ ኣውላዕሎ ኣብ 2002 ዓ/ም ኢንቨስትመንት ዘውፀአ ኮይኑ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ገባራት ካሕሳ ተኸፊልዎም 26.9 ሄክታር መሬት ንኢንቨስትመት ዝተውሃቦ እንትኾን ዑደት ዘካይድናሉ እዋን ኳዕቲ ዝተወሰነ ከምዝጀመረ እቲ ከይዲ ኮንስትራክሽን ገና ከምዝኾነ ኢዩ ፡፡
- ኣለም ካሕሳይ ኣርኣያ ብ1998 ዓ/ም ኣብ መቐለ ብምስማርን ቀረቀሮን ናይ ኢንቨስትመት ፍቓድ ዝወሰደ እንትኾን ዝተወሃቦ ስፋሓት መሬት 4500 ሜ/ካሬ ብናፃ ዝተውሃበ እንትኾን ንኢንቨስትመንት መተባበዒ ቴንዲኖን ሲራሚክን ዝወሰደ ኮይኑ ንልዕሊ 9 ዓመት ስራሕ ዘይጀመረ ጥራሕ ዘይኮነስ ህንፀትውን እስካብ ሐዚ ኣይተጠናቐቐን እቲ በዓል ሃብቲ ዝተወሰኑ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንትንርኢ
  - ✓ ሓንቲ ብሎክ ቆርቆሮ ተኸዲና ማዕያውን ኣለዎ
  - ✓ ሓንቲ ብሎክ ህንፃ ጠጠውኢሉ ቆርቆሮ ኣይተኸደን
  - ✓ ንኦፊስ ዝኸውን G+1 ብግምት 7ሜ ብ5ሜ ዝኸወን ተለሲኑ ኣሎ
  - ✓ ኣብቲ ግቢ ብርክት ዝበለ ቴንዲኖ ተጠቐሚጡ ኣሎ
  - ✓ እቲ ድጋፍ ዝተፅሓፈሉ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም 3226.75 ሜ/ካ ሲራሚክውን ካብ ቀረፅ ነፃ ንከእትው ከምዝተፈፈቐደሉን ኣብቲ ህንፃ ከምዘይወዓለ ካብቲ ዑደት ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

- ኣንገሶም ኣለማ ተስፋይ ኣብ2003ዓ/ም ንውፅኢት ቆርበት ፋብሪካ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ እንትኾን ከም መተባበዒ ስፍሓቱ 3500 ሜ/ካሬ መሬት፣ 384.214 ሜ/ቶን ተንዲኖ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብረ ተፃሒፍሉ ኢዩ
    - ✓ ሰለስተ ብሎክ ስከለተን ጥራይ ጠጠው ዝበለ እንትኾን ዝተወሰነ ብሎኬት ተነዲቹ ኣሎ ማሻሻታውን ኣይተገበረሉን እቲ ግቢ ዝተሓፀረ ኮይኑ ሳዕሪ ጥራይ በቒሉዎ ይርከብ ቴንዲኖ ዋላኳ እንተገበረ እስካብሐዚ ኣይተጠቐመሉን
- ሙሉነሽ ገ/ሚካል ገ/ሂዎት ብሆቴል ዘርፍ ኣብ መቐለ ከባቢ ደጀን ስፈሓት መሬቱ 4844.26 ሜ/ካሬ ዝኾነ በዓል ሓሙሽተ ኾኾብ ሆቴል ኢንቨስትምንት ንምክያድ ፍቓድ ኣብ 2003 ዓ/ም ፍቓድ ዝውፀአት እንትኾን ካብ 2003ዓ/ም ጀሚሩ 2417.2 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ኣታዊ ከምዝገበረትን እሰካብ ሐዚ ግና ህንፀት ብግቡእ ከምዘይጀመረት ዑደት ኣብ ዘካየድናሉ እዋን ዝበፅሓቶ ብርኪ እንትንርኢ
    - ✓ ሰረት ኮይኑ ግሬድ ቢም ዘይተኣሰረን ገሊኡ ድማ ጫማ ጥራይ ተሰሪሑ ቴንዲኖ ጠጠው ኢሉ
    - ✓ ፍቓድ ኢንቨስትመንትውን እሰካብ ሐዚ ዘይተሓደሰ ምኻኑ
    - ✓ እቲ ዝወሰደቶ መጠን ቴንዲኖን ነቲ ህንፃ ዘድልዮን ዘለዎ ብርክን ዘይምጣጠን ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ እቲ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ዝኾነ ኣብ ምንታይ ከምዝወዓለ ኣይፍለጥን

ኣብ ላዕሊ ከምኣብነት ዝተጠቐሱን ብሆቴልን ማኒፋክቸሪንግ/ፋብሪካን ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀኡ ስራሕቲ እቲ ፕሮጀክትን ዝወሰድዎ መሬትን መተባበዒን እንትነፃፀር ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ብምህላዎም ብትሑት ዋጋ ዝወሰድዎ መሬትን ካብቐረፅ ናፃ ዝኣተወ ናይ ህንፀት ኣቕሑት ኣብ ዝተዓለመሉ ዕላማ ዘይውዕል ምዃኑ ዘመላኽት እዩ

❖ ኣብ ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን ዝተዋፈሩ ሰብሃብቲ

ኣብ ስራሕቲ ማሽነሪ ክራይን ህንፃ ኮንስተራክሽንን ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም እስካብ ሐዚ እቶም ናይ ካፒታልን ካልኦት ማሽነሪታትን ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትዉ ዝተፅሓፈሎምን ኣታዊ ዝገበሩን ውልቀ ሰብ ሃብቲ እቶም ናይ ካፒታልን ካልኦት ማሽነሪታትን ኣብ ምንታይ

ብርኪ ከምዘለዉ ንምርኣይ ብዝተገበረ ዑደት መሰረት ዝስዕቡ ዝርዝር ኩነታት ምርኣይ ይከኣል

- ልዕልቲ ኣዳነ ገ/ስላሴ ዝተብሃለት ኣብ ኣጉላዕ ከተማ ብማሽነሪ ክራይ ብዕለት 5/05/05 ፍቓድ ኣውፂኣ ኣብዚ በጀት ዓመት ክልል ኢንቨስትመንት 4 ሲኖ ትራክ ፣ ሓንቲ ኤክስካቫተርን ሓንቲ ሎደርን ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክትገብር ዝተፅሓፈላ ኮይኑ እተን ተሸከርከርትን ማሽነሪታትን ዝኣተዋ ምዃነን ዘይምዃነን ኣይፍለጣን፡እታ ብዓልሃብቲ ከምዘይእተወተን ካብ ኣጉላዕ ምልማዕ ንግዲ ተሓቲቶም ናይ ማሽነሪ ክራይ ንግዲ ፍቓድውን ከምዘይብላ ገሊፆም ኢዮም፡፡
- መስከረም ገበረጊዮረጊስ ቢያድጎ ዝተብሃለት ኣብ ከተማ መቐለ ኮንስትራክሽን ማሽነሪ ክራይ ብዕለት 20/05/05 ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኣ ካብዚ በጀት ዓመት ጀሚሩ እስካብ 2007 ዓ/ም ክልል ኢንቨስትመንት ማሽነሪታት ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትዉ ብዝፀሓፎ ድጋፍ መሰረት 2 ኤክስካቫተር ፣ ሓንቲ ሎለርን ሚክሰርን ኣታዊ ዝገበረ ምኻነን ካብቲ ፌዴራል ልምዓት ንክልል ኢንቨስትመንት ዝለኣኾዎ ንምርግጋፅ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ ኣብ ቤት ፅሕፈት ን/ኢ ክፍለ ከተማ ሰሜን ዑደት ኣብ ዘካየድላኑ እዋን ግና ብማሽነሪ ክራይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዋ ኮይኑ እተን ማሽነሪታት ንምህላወን ንምርግጋፅ ውልቀ ፋይልን ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት ኣብ ዝሓተትናሉን ኣብቲ ፋይል ሊብሬ ክረከበ ኣይተኽኣለን ብተወሳኺ እቶም ሰራሕተኛታት,ውን እተን ተሽከረከርቲ/ ንብረት ምህላወን ከምዘይፈልጥዎን ገሊፆም ኢዮም ፡፡

ብተመሳሳሊ እዛ በዓልሃብቲ ብዕለት 11/7/06 ናይ ቆሻሻ መወገዲ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዝውፀአት እንትኾን ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ብዝፀሓፈላ ድጋፍ መሰረት ሓንቲ ናይ ቆሻሻ መወገዲ መኪና በዕለት 26/06/07 ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ከምዝገበረትን እስካብ ሐዚ እዛ መወገዲ ቆሻሻ መኪና ግና ሊብሬን ንግዲ ፍቓድ ከምዘይወፀኣላን እታ ኣታዊ ዝኾነት መኪና ኣብ ምንታይ ብርኪ ከምዘላ ከምዘይፍለጥ ካብዝሃብዎ ሓበሬታ ንምግንዛብ ተኻኢሉ፡፡

- ኣልትመት ኮንስትራክሽን ሓላፍነቱ የተ/የግ/ማህበር ዝተበሃለ ኣብ ከተማ መቐለ ቀዳማይ ወያነ ብህንፃ ተቛራጭ ካብ 2005ዓ/ም ኢንቨስትመንት ፍቓድ ምሰ ኣውፀአ ካብዚ በጀት ዓመት ጀሚሩ እሰካብ 2007 ዓ/ም ብዝተፈላለየ እዋናት ናይ ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ማሽነሪታት ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትዉ ብዝተፀሓፎሉ ድጋፍ መሰረት

ሎደርን ዶዞርን ፣ 2 ገልባጭን ሓንቲ ኤክስካቫተርን ፒክኣፕን ኣታዊ ዝገበረ ምኻነን ካብቲ ፌዴራል ልምዓት እቶት ንክልል ኢንቨስትመንት ዝተልኣኸ ንምርግጋፅ ተኻኢሉ ኢዩ ፡፡ ኣብ ቤት ፅሕፈት ን/ኢ. ክፍለ ከተማ ቀደማይ ወያነ ዑደት ኣብ ዘካየድላኑ እዋን ግና ብማሽነሪ ክራይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዋ ኮይኑ እተን ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ንምህላወን ንምርግጋፅ ውልቀ ፋይልን ዝምልከቶም ሰራሕተኛታትን ኣብ ዝሓተትናሉእዋን ኣብቲ ፋይል ሊብሬ ክርከብ ኣይተኽኣለን፡፡እቶም ሰራሕተኛታት,ውን እተን ንብረት ምህላወን ከምዘይፈልጥዎን ገሊፆም ኢዮም ፡፡

- ኣስፋወሰን ጉግሳ ደስታ ኮንስትራክሽን ዝተበሃለ ኣብ ከተማ መቐለ ሓድነት ክፍለ ከተማ ኣብ 2003 ዓ/ም ኢንቨስትመንት ፍቓድ ከምዘውፀአን ካብዚ በጀት ዓመት ጀሚሩ ብዝተፈላለየ እዋናት ናይ ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትማሽነሪታት ተሽከረከርትን ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትዉ ብዝፀሓፎ ድጋፍ መሰረት ካብ 2004 ዓ/ም መሰረት 2 ኤክስካቫተር፣3 ገልባጭ መኪና ሓንቲ ሞተር ግሬደርን ሮሎርን ኣታዊ ዝገበረ ምኻኑ ካብቲ ፌዴራል ልምዓት እቶት ንክልል ኢንቨስትመንት ዝተልኣኸ ንምርግጋፅ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡ ኣብ ቤት ፅሕፈት ን/ኢ. ክፍለ ከተማ ሓድነት ዑደት ኣብ ዘካየድናሉ እዋን እዚ ትካል ንግዲ ፍቓድ ዘውፀአ ከምዘውፀአን ኣብቲ ፋይል ናይተን ማሽነሪታትን ተሽከርከርቲ ሊብሬ ተታሒሒዙ ተረኺቡ ኢዩ፡፡

ስለዚ ኣብተን ንዑደት ብመርኣያ ዝተወሰዳ ማሽነሪታትን ተሽከረከርትን እንትንርኢ ናይ ልዕልቲ ገ/ሰላሴ ዝተብሃለት ብዓልሃብቲ እተን ብክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክትገብረን ንፌዴራል ብዓል መዚ እቶት ዝፀሓፉላ ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን ተገዚአን ኣታዊ ምዃነን ዘይተፍለጣ እንትኾና ናይ መስከረም ገ/ጊርጊስ ፣ ኣልትመት ኮንስትራክሽን ዝተብሃሉ ኢንቨስተራት ግና እተን ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ እንተኾናውን ሊብረአን ኣብ ንግዲ ፍቓድ ፋይል ዘይተረኸበ ብምኻኑ ኣብ ምንታይ ከምዘለዋ ኣይፍለጣን፡፡ እዚ ማለት እተን ማሽነሪታት ተሸይጠን ድየን ኣይተሸጣን ዝፍለጠ ነገር የለን፡፡ ብኣንፃሩ ግና ናይ ኣስፋወሰን ጉግሳ ዝተብሃለ ብዓልሃብቲ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበረን ማሽነሪታትን ተሽከርከርትን ናይሕድ ሕድአን ሊብሬ ኣብ ፍቓድ ንግዲ ፋይሊ ከምዘሎ ተረጋጊፁ ኢዩ፣

**ሳዕቤን ድማ**:

- ኣዋጅ ቁፅሪ 769/2004ን ብክልል ቢሮ ል/ከ/ን/ኢ.ን ዝወፀ መምርሒ ዓንቀፅ 5ን ተግባራዊ ከይኾነ ተሪፉ/ተጣሒሱ
- ሰብ ሃብቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበርዎም ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑትን ንዝተዓለመሎም ዕላማ ምውዓሎም ከይተረጋገፀን ክትትልን ቑፅፅርን ከይገበርኻ ብሸለልትነት ይኹን ኮነ ኢልካ ምሕላፍ መንግስቲ ንኢንቨስትመንት ንምትብባዕ ዝፈቐዶ ናይ ህንፀትን ካፒታልን ኣቑሑት ሰብ ሃብቲ ንውልቀ ረብሓኦም ከውዕልዎ ዝገብር ጥራይ ዘይኮነስ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ዝኸፍት ኣሰራርሓ ኢዩ፡፡
- ካብ ጉምሩክ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝኾኑ ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑትን መዓዝ መፂኡ ክንደይ መፂኡ ከተማ/ወረዳ ምስ ክልል ኢንቨስትመንትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ተናቢብካን ብዘይምስራሑን ሓባራዊ ናይ ቁፅፅር መስርሕ ክይኣዳለኻ ኩሉ በቢናይባዕሉ ኣንፈት ይኸይድ ብምፅናሑ እቲ ቴንዲኖን ካልኦት ኣቑሑትን ኣብ ዝተዓለመሎም ዕላማ ምውዓሎም በቢእዋኑ ንምርግጋፅ ኣይተኽኣለን፡፡
- ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቐሱ ብሆቴልን ፋብሪካን ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀኡ ስራሕቲ እቲ ፕሮጀክትን ዝወሰድዎ መሬትን መተባበዒን እንትነፃር ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ብምህላዎም ብትሑት ዋጋ ዝወሰድዎ መሬትን ካብ ቐረፅ ናፃ ዝኣተወ ናይ ህንፀት ኣቑሑት ኣብ ዝተዓለመሉ ዘይወዕል ምዃኑ ዘመላኽት እዩ፡፡
- መንግስቲ ንኢንቨስተራት ካብ ቐረፅ ነፃ ንክኣትው ዝፈቐዶም ተሽከርከርትን ማሽነሪታትን ኣብ ባይታ ከይዲኻ ብዘይምርካቡ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዘለዉ ዘይፍለጡ ብምኻኖም ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ቀረፅ ነፃ መሰል ዘይብሎም ውልቀ ሰባት ዝዛወሩሉን ዝሸየጥሉን ባይታ ክፉት ኢዩ፡፡
- መንግስቲ ከምኣብነት ካብ ዝተወሰዱ ናይ ህንፀት ኣቑሑትን ተሽከረከርትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ክረኽቦ ዝነበረ ኣታዊ ክስእን ይገብሮ

## መፍትሒ ሓሳብ

- ሰብ ሃብቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበርዎም ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቑሑትን ንዝተዓለመሎም ዕላማ ምውዓሎም ንምርግጋፅ ናይ ውሽጢ ቑፅፅር መስርሕ ወይ ስርዓት ብምዝርጋሕ ናይ ሕድ ሕድ መዳርግቲ ኣብያተ ፅዮ ተግባርን ሓላፍነትን ብግልፂ ብምንፃር/ብምቕማጥ ነዚ መስርሕ መሰረት ብምግባር በቢእዋኑ ንኢንቨስተራት ካብ ቐረፅ

ናፃ ዝተውሃበ መተባበዒ ኣብ ዝተዓለመሉ ዕላማ ምውዓሉ ከረጋገፅን ቑፅፅርን ክግበረሉ ንመክር

- እቶም ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ መተባበዒ ወሲዶም ናብ ልምዓት ዘይኣተዉ ሰብሃብቲ በቢ.ወረዳ/ከተማን ክልል ከይዲ ስራሕቲ ም/ኢንቨስትመንት መፀዋዕታ ብምግባር እስካብ ሐዚ ንምንታይ ከምዘይሰርሐዎ ተገምጊሙን ተረጋጊፁን እቲ ካብ መንግስቲ ብናፃ/ትሑት ሊዝ ዋጋ ዝወሰድዎ መሬትን ካብ ጉምሩክ ቐረፅ ናፃ ዝወሰድዎ ናይ ህንፀት ኣቑሑትን ብመምርሒ መሰረት ብፍላይ ካብ ዝግበኦም መጠን ንላዕሊ ኣታዊ ዝገበሩ ኢንቨስተራት ቀረፅ ክኽፍልሉ ዝምልከቶ ኣካል ውሳነ ከዓርፈሉን ክውሃበሉን ብቐፃልነት ክስረሐሉን ንሕብር
- እቶም ብመርኣያ ዝተወሰዱን መንግስቲ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ኮይኖም ኣብ እዋን ዑደት ግና ኣብ ባይታ ዘይተረኽቡ ወይ ምህላዎም ንምፍላጥ ሊብረኦምን ንግዲ ፍቓድ ዘይወፀኣሎም ማሽነሪታትን ተሽከረከርትን ዝምልከቶም ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ንግዲ ፈቓድ ዝወፅኣሎም ምኳኖምን ዘይምኳኖምን፣ ኣብ ምንታይ ደረጃ ከምዘለዉ ኣብ ኣብነት ዝተጠቐሱ መሰረት ብምግባር ክፍተሹን ሃለዋቶም ክፍለጥ ብምግባር እንተተሸይጦም ድማ ኣደላይ ዝግበኦም ቀረፅ ክኽፍሉ ኣለዎ ንብል

## 12. ቕድም ክብል ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ከብ ቀረፅ ነፃ ንክኣትው ዝተፅሓፈ ድጋፍ ደብዳቤ ብምስረዝ/ቮይድ ብምግበር 2ይ ምፅሓፍ

ኣብያተ ፅዮ/ቤት ፅሕፈታት መንግስቲ መንግስታዊ ድበዳቤታት ናብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ወይ ኣብያተ ፅዮ ቕድም ኢሉ ዝተፅሓፈ ደብዳቤ መሊሶም እንትፅሕፉ እቲ ቕድም ኢሉ ዝተፅሓፈ ደብደቤ ዝተፅሓፈሉ ዕለትን ፕሮቶኮል ቑፅሪ ብምጥቐስን 2ይ ዝፅሓፍ እንተኾይኑ ድማ ንምንታይ እቲ ዝሓለፈ ደብዳቤ ከምዝተገደፈን ብግልፂ ኣብቲ ደብዳቤ ክቕመጥ ከምዘለዎ እቲ ኣሰረርሓ ይገልፅ

ይኹን'ምበር ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመት ሰብሃብቲ መተባበዒ ክፍቀደሎም ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ብወረዳ ዝተመልአ መጠን ቴንዲኖን ካልኦት ናይ ካፒታል ኣቑሑት ዳግም እቲ ወረዳ/ከተማ ናይድጋፍ ደብዳቤ ከይተፀሓፈ እቲ ቕድሚ ሐዚ ንፌዴራል ተፀሒፉ ዝነበረ መጠን ቴንዲኖ ወይ ካፒታል

ኣቐሑት ንምታይ ከምዝተረፈን ቕድም ኢሉ ዝተልኣኸሎም ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ፕሮቶኮልን ቑፅርን ዕለትን ከይተሓበረ ዳግም ደብዳቤ ይፅሓፍ ነይሩ ኢዩ፡፡ከምኣብነት

- ኣንገሶምና ማክዳ ሆቴል ሆ/ዓ/ 253/07 ብ20/06/07 ቑፅሪ 513/ኢ.ን-4-49-1/40 498.7 ሜ/ቶን ቴንዲኖ ካብ ቀረፅ ነፃ ንፌዴራል እቶት በዓልመዚ ወፃኢ ከይኑ እዚ ቮይድ ብምግባር ድሕሪ 8 ኣዋርሕ በቲ ቕድም ኢሉ ካብ ከተማ ዓድግራት ዝተልኣኸ መሰረት ብምግባር መጠን ቴንዲኖከይተቐየረ ብ18/02/08 ንፌዴራል ተላኢኹ ኢዩ
- ተኸለ ግርማይ ሃይሉ ሆ/መቐ/138/06 እዚ ውልቀ በዓል ሃብቲ መጀመርታ 28/11/06 ቑፅሪ 709/ኢ.ን-4-49-1/25 690.4ሜ/ቶን ካብ ቀረፅ ነፃ ክውሃቦ ተፃሒፍሉ እናሃለወ ቮይድ ተገይሩ ብምባል ድሕሪ ሓደ ዓመት ቕድም ክብል ብወረዳ ዝተልኣኸ ደብዳቤ መሰረት ብምግባር ድሕሪ 10 ወርሒ 14/09/07 ቑፅሪ 701/ኢ.ን-4-49-1/40 ንፌዴራል ብዓልመዚ እቶት ደብዳቤ ተፃሒፍሉ ኢዩ፡፡
- ግርማይ ተስፋይ መሓሪ ብተደጋጋሚ ቮይድ ብምባል ይፅሓፍ ነይሩ እዚ ማለት ብዕለት 2/01/08 ቁፅሪ2080/ኢ.ን/መቐ/4-49-1/40 ሓንቲ ገልባጭ እንደገና ቮይድ ተገይሩ
    - ✓ ብዕለት 21/01/08 ቁፅሪ 2080/ኢ.ን/መቐ/4-49-1/40 ሓንቲ ገልባጭ ካብ ቀረፅ ነፃ ክትኣትው ደብዳቤ ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፉ ኢዩ
    - ✓ ብዕለት 24/01/08 ቁፅሪ 2094/ኢ.ን/መቐ/4-49-1/40 ሓንቲ ገልባጭ ካብ ቀረፅ ነፃ ክትኣትው ደብዳቤ ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፉ ኢዩ
    - ✓ እንደገና ብዕለት 24/01/08 ቁፅሪ 2095/ኢ.ን/መቐ/4-49-1/40 ክልተ ገልባጭ መኪና ካብ ቀረፅ ነፃ ክትኣትው ደብዳቤ ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ተፃሒፉ ኢዩ
- ማክዳ ሆቴል ሓ/ዝተ/የግ/ማሕበር ኣብ መቐለ ከተማ ብዓልሓደ ኸኾብ ሆቴል ኢንቨስትመንት ፍቓድ ብ9/4/2007 ካብ መቐለ ከተማ ብዝተፅሓፈ ድጋፍ ደብዳቤ መሰረት ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ብዕለት 06/05/07 ቁፅሪ287/ኢ.ን-መቐ-4-49-1/40 ሓንቲ ፒክ ኣፕ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ነይሩ፡ ኮይኑ እዚ ደብዳቤ ቮይድ ተገይሩ ብምባል ቕድም ክብል ካብ መቐለ ቤት ፅሕፈት ኢንቨስትመንት ዝተፅሓፈ ድብዳቤን ዕለትን ከይተቐየረ(ብ9/4/2007) ድሕሪ 6 ኣዋርሕ ብዕለት17/11/07 ቁፅሪ 916/ኢ.ን/መቐ/4-49-1/40 ፒክ ኣፕ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብር ተፃሒፍሉ ኢዩ

**ሳዕቤን ድማ**:

- እዚ ኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመት ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ሰብሃብቲ መተባበዒ ክፍቀደሎም ንፌዴራል በዓል መዚ እቶት ዝተልኣኸ ናይ ህንፀት ወይ ካፒታል ኣቕሑት ምእታዉን ዘይምእታዉን ከይተረጋገፀ ፣ ቕድሚ ሐዚ ንፌዴራል ተፀሒፉ ብዝነበረ መጠን ቴንዲኖ ወይ ካፒታል ኣቕሑት መሰረት ብምግባር ኣብ ሕሉፍ ደብዳቤ ናይ ዝተፅሓፈ ፕሮቶኮል ቑፅርን ዕለትን ከይተሓበረ ቮይድ ኢልካ ዳግም ናብ ፌደራል በዓል መዚ እቶት ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ምፅሓፍ ሰብሃብቲ ብዘይኣግባብ ክልተ ጊዜ መተባበዒ ክረኽቡ ዕድል ዝህብን በቲ መጀመርታ ዝወሰድዎ ድጋፍ ደብዳቤ መሰረት ብምግባር ደጊሞም ክወስዱ ዝገብርን ንምጭብርባርን ዝዕድም ኣኪያይዳ ኢዩ፡፡
- ቤት ፅሕፈት ወረዳታት ኢንቨስትመንት ሰብሃብቲ መተባበዒ ዘድልዮም ምኳኑ በቲ ንፌዴራል በዓልመዚ እቶት ዝቕየር ዘሎ ደብዳቤ ዳግም ድጋፍ ከይልኣኹ እቲ ክልል ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ነዊሕ ጊዜ ብዝወሰደ ድጋፍ ደብዳቤ ተፃሒፉ ዝነበረ ደብዳቤ ዘድሊ ንምኳኑ በቲ ወረዳ/ከተማ ከይተረጋገፀ እቲ ደብዳቤ ብምስራዝ/ቮይድ ካልእ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ምፃሓፍ ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ይገብር

መፍትሒ ሓሳብ:

- ቤት ፅሕፈት ኢንቨስተመንት ሰብሃብቲ መተባበዒ ክፍቀደሎም ድጋፍ ደብዳቤ እንትፅሕፉ ቕድም ኢሉ ዝተፅሓፈ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ ውድቂ ገይሮም ካልእ እንትፅሕፉ እቲ ተፃሒፉ/ተላኢኹ ዝነበረ ደብደቤ ዝተፅሓፈሉ ዕለትን ፕሮቶኮል ቑፅሪ ብምጥቓስን ንምንታይ እቲ ዝሓለፈ ደብዳቤ ዝተሰረዘሉ ምኽንያት ብግልፂ ኣብቲ ዳግም ዝልኣኽ ደብዳቤ ክቕመጥ እንተዝግበር

**ካልኦት ሓፈሻዊ ፀገማት**

- ሰብሃብቲ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ኣውፂኦም መተባበዒ ንክወሃቦም ድጋፍ ዝወሰዱን ኣታዊ እንትገብሩ ግና ሕልፊ ናይ ህንፀት ኣቕሑት ዝወሰድዎ ካብ ፌዴራል በዓል መዚ እቶት ንቤት ፅሕፈት ጉምሩክ ጩንፈር መቐለ ብቕዳሕ ድማ ንኣውራ ከይዲ ስራሕ ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንት ዝልኣኽ እኳ እንተኾነ እቶም ኢንቨስተራት ሕልፊ ዝወሰድዎ ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቕሑትን ቀረፅ ዝኸፍሉ ምኳኑ ክትትል ኣይካየደሉን ከምኣብነት

- ገብረ ኣሰፋ ወ/ገብርኤል ውቕሮ ሆቴል ብዕለት ሓምሌ 3/2007 ዝተልኣኽ ትርፊ ቴንዲኖ
- ገብረዮሃንስ ሐሸ እምባየ መቐለ 29/09/2007 ዘተልኣኽ ትርፊ ቴንዲኖ
- ኣለም ኣብርሃ መጋቢት 4/ 2007 ዝወሰዶ ቴንዲኖ

ሕድ ሕድ ኢንቨስትመንት ፍቓድ ዘውፀአ በዓልሃብቲ በቢእዋኑ ካብ ቐረፅ ነፃ ኣታዊ ዝገበሮም ናይ ህንፀትን ካፒታልን ኣቐሑት ብዝርዝር ኣብ ፋይሉ ዘየለ ምኳኑ

## መጠቓለሊ

ኣብ ላዕሊ በቢክፋሉ ከምዝተሓበረ ኣብ ኣወሃህባ ፍቓድን መተባበዒን ማእኸል ዝገበረ መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ዉፅኢቱ እንታይ ከምዝመስል ንምቕማጥ ተፈቲኑ ኣሎ፡፡ በቲ ከይዲ መፅናዕቲ ኣብ ኣሰራርሓ ዘለዉ ክፍታትን ንግዕዝይናን ብልሽው አሰራርሓን ዘለዎም ምችውነት ወይ በሪ ዝኸፍቱ ክፈታት ኣሰራርሓን ጉደለታት ኣፈፃፅማን ቀሪቦም ኣለዉ፡፡

ኣብቲ መፅናዕቲ ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን በሪ ክኸፍቱ ኢዮም ተባሂሎም ብመፅናዕቲ ዝተነፀሩ ክፍተታት ኣሰራርሓ ውሽጢ ፍቓድ ኢንቨስትመንት ዘውፀኡ ሰብ ሃብቲ ዝፍቀደሎም መጠን መተባበዒ ብግልፂ ዘይምቕማጡ ወይ ስታንዳርድ ዘይምህላዉ፣ መተባበዒ ንፌደራል በዓልመዚ እቶት ድጋፍ እንትፅሓፍ ዘረጋግፆን ዝፈረመን ሓደሰብ ምኳኑን፣ኣብ ኣወሃህባ ድጋፍ መተባበዒ ተግባር ሓላፍነትን ቤት/ሕፈት ልምዓት ከተማን ንግድን ኢንንዱስትሪንምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትን ብንፁር ዘይምቕማጥ እንትኾኑ እዞም ዝተቐመጡ ክፍታት ንምዕፃው መምርሒ ይኹን ናይ ውሽጢ ስርዓት ቐፅፅር ዘይብሉ ብምኳኑ ድማ ክራይ ኣከብቲ ከምድላዮም ዝገብርሉ ጋሕ ዝበለ በሪ ከምዝኾነ ካብቲ ንሰብሃብቲ  ካብ ቀረፅ ነፃ ዝውሃቦም ዝነበረ ናይ ህንፀት ኣቐሑትን ተሸከርከርትን ንምግንዛብ ተኻኢሉ ኢዩ፡፡

ናይ ክልል ኣውራ ከይዲ ስራሕን ወረዳታት ምስፍሕፋሕ ኢንቨስትመንትን ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ መተባበዒ ዝተርኣዩ  ጉድለታት ኣፈፃፅማ ማለት'ውን ካብ ማምርሒ ወፃእ መተባብዒ ክፈቀደሎም ድጋፍ ምሃብ፣ ብዘይኣግባብ ማጠን ቴንዲኖ ብምውሳኽ ካብ ቀረፅ ነፃ መተባበዒ ክወስዱ ምግባር፣ንሰብ ሃብቲ ዝወሃብ መተባበዒ ብቤት ፅሕፈት ል/ከ/ን/ኢን ካብ ዝፀደቐ ቢል ኦፍ ኳንቲቲ ሕልፊ ብምውሳኽን ከይፀደቐ'ውን ቐበል ተገይሩ፡፡በተወሳኺ በቲ ቤት ፅሕፈት ከይተፈቐደሉን ናይ ህንፀት ኣቐሐት ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ምግባር፣ፍቓድ ኢንቨስትሜንት ከይተሓደሰ መተባበዒ ክፍቀደሎም ድጋፍ ተዋሂቡ ኢዩ፡፡

ካልእ ኣብ ተሸከረከርትን ማሽነሪታት ዝተረኣዩ ፀገማት ድማ ኣብ ማሞርሒ ፍቓድ ኮንስትራክሽን ማዝርዝር ዘየለዉ/ዘይተኻተቱ ማሽነሪታት/ካፒታል ኣቐሐት ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ክኾኑ ድጋፍ ምፅሓፍ፣ብባህልን ቱሪዝምን ከይተረጋገፀ ተሸከርከርቲ ካብ ቀረፅ ነፃ ኣታዊ ክገብሩ ድጋፍ ደብዳቤ ምፅሓፍ፣ብዘይኣግባብ ናይ ካፒታል ኣቐሐት/ተሸከረካሪ ዝወፀ ክግበር ድጋፍ ምሃብ ዝብሉ ብመርኣያ ካብዝተወሰዱ ሰነዳት ንምርግጋፅ ተኻኢሉ ኢዩ ፡

ኢንቨስተራት ዝተፈቐደሎም መተባበዒ ወይ ካብ ቀረፅ ናፃ ኣታዊ ዝገበርዎ ናይ ህንፀትን ካፒታል ኣቐሑትን ኣብ ዝተዓለመሉ ዒላማ ዝወዓለ ምኻኑ በቢኣዋኑ ከምዘይረጋገፅን ዝግበር ክትትልን ቁፅፅርን ክንዲቲ ዝድለ ከምዘይኮነ፣ኣብ መንጎ መዳርገቲ ኣካላት ኣብ ምርግጋፅን ቁፅፅርን ምንባብ ከምዘይብሎም ካብሰነድን ዝተገበረ ቃለ መሕትትን ንምግንዛብ ተኻኢሉ፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ክፍተታት ኣሰራርሓን ጉድለታት ኣፈፃፀማን ሳዕቤኖም አጠቓሊልካ እንትኽቅመጥ፤ፍኑው ኣሰራርሓ ክሰፍን ተሓታትነት ዘዳኽምን መምርሕታት ክጠሓሱ ዘተባብዑ ተግባራት ንኽበራከቱ በሪ ኽፊቱ ፡፡ካብ ጉሙሩክ ቀረፅ ንመንግስቲ ኣታዊ ክኸውን ዝነበሮ ገንዘብን ብዘይኣግባብ ውልቀሰባት ክወስድዎ ስለዝግበር መንግስቲን ህዝብን ተጎዲኡ፡፡ከምኡውን ውልቀሰባት ብዘይኣግባብ መተባበዒ ንክወስዱ ምስ ውልቀ ሰራሕተኛታት ፍሉይ ረብሓ ንምርካብ ድርድር ብምክያድ ርክብ ብምፍጣር ንግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ክቃላዕ ኪኢሉ ፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ዘሎ መልዐሊ ብምግባር ኣብ ዝርዝር ትሕዝቶ ናይዚ መፅናዕቲ ሰነድን ኣብ ዝተኻተቱ ርካባት መፅናዕቲ ከምእታወት ብምጥቃምን ብዝተሓበረ መፍትሒ ሓሳባትን መሰረት ብምግባር ትሉም ብዝኾነ ኣገባብ ብቕደም ሰዓብ ነቶም ዝተበፀሐሎም/ዝተሓበሩ ፀገማት ይኹን ንካልኦት ክእርሙ ወይ ክስተኻኸሉ ፍሉይ ትኹረት ሂብካ ምንቅስቓስ ካብ ተቓላዓይነት ግዕዝይና ንምድሓን ዘኽእል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘዕቢ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ንተግባራዊነቱ ዝለዓለ ፃዕሪ ከምዝሓትት ርዱእ ብምግባር ዝተሓበሩ ፀገማት/ጉድለታት ንምፍታሕ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ተግባር ዉዒሉ ብኡ ልክዕ ንግዕዝይናን ብልሽዉ ኣሰራርሓን ዘዳኽም ለዉጢ ክምዝገበሉ ከምዝኽእል እምነትና እዩ፡፡